ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.248

ረቡዕ 17 ሰነ 2026

ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 3
ንሰብኣዊ መሰል
ረዚን መስዋእቲ ዝኸፈለ ህዝቢ



ገጽ 4
ንሞት ዘይፈራሕናስ. . .



ገጽ 6
ምልክታ

ገጽ 9
ጓህሪ ፍርሒ



ገጽ 11
ከረን፡ ብምኽንያት 20 ሰነ
ቅድድም ብሽክለታ ይካየድ



# ልኡኽ ኤርትራ ኣብ ጀኔቫ ኣብ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ዝዘተየ ርክብ መደረ ኣሰሚዑ

ብቐዋሚት ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ወ/ሮ ሶፊያ ተስፉማርያም ዝተመርሐ ልኡኽ ኤርትራ፡ ብ15 ሰነ ኣብ ጀኔቫ ኣብ ዝተኻየደ፡ ንኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ብዝምልከት ኣብ ዝቐረበ ጸብጻብ ኣብ ዝዘተየ ርክብ፡ መደረ ኣሰሚዑ።

ኣምባሳደር ሶፊያ ኣብ መደረኣ፡ ኑቲ ብቤት-ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት ዝቐረበ ጸብጻብ፡ ብዘተኸተሎ ሰሩኣጉዑ፡ ዘይተጣለለ ትሕዝቶኡን ሒዝዎ ዘሎ ኣብ ባይታ ኣብ ዘሎ ክውንነት ዝረሓቐ ሓበሬታን፡ ኤርትራ ብመንፈሱን ትሕዝቶኡን ከምእትነጽጎ ብምግላጽ፡ ርኽበታቱን መደምደምታቱን'ውን ከም ተኣማኒ ምንጪን መዛረቢ ዛዕባን ክኸውን ከምዘይክእል ኣዘኻኺራ።

ጸብጻቢ ኣካል፡ ብቐንዱ ኣብ ስውራትን ዘይተኣመንትን ምንጭታት መሰረት ብምግባር፡ ንሓበሬታ ናይቶም ሰሩድ ገኒጋስ ኣገልግሎታት ጥዕና፡ ትምህርቲ፡ ውሕስነት መግቢ፡ ትሕተ-ቅርጺ፡ ከምኡ'ውን ማሕበራ-ቁጠባዊ ምዕባለ ዘለዎም ትካላት ሕቡራት ሃገራትን ካልኦት ውድባትን ብዙሕ ግምት ስለዘይሃቡ፡ እዚ ክውንነት'ዚ ኣብ ጸብጻቡ ትርጉም ብዘለዎ መልክዕ ከምዘይንጸብረቕ ብምግላጽ፡ ብኣንጻሩ ብደፍኢት ጸቢብ ናይ ጉዳም ዓንኬል ንዝቐርብ ዘንቀደ ክሲታት ከየጻረየ ከምዝኾሰ፡ እዚ ድማ ንመትከላት ምጽብጻብ ሕቡራት ሃገራት ዘይክተልን ናብ ግጉይ መደምደምታ ዝወሰደን ከምዝኾነ፡ ኣምባሳደር ሶፊያ ገሊጻ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኤርትራ ንኸምዚ ዝበለ መርትዖ ዘይብሉን ኣብ ባይታ ንዘሎ ዘየንጸባርቕን ዝደጋገም ክሲታት ብቐጻሊ ክትምልሶ ከምዘጸንሐት ብምጥቃስ፡ ምድግጋም መርትዖ ክኸውን፤ ወይ ድማ ንናይ ጸለመ ክሲ ናብ ክዉን ሓቂ ክልውጥ ከምዘይክእል ኣዘኻኺራ።




# ደ/ቀ/ባሕሪ - ተሳታፍነት ደቂኣንስትዮ ኣብ ትምህርቲ ንምድንፋዕ ዋዕላ ተኻዪዱ

ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ፡ መሰርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ንምሕያልን ተሳታፍነት ደቂኣንስትዮ ንምዕዛዝን ዝዓለመ ዋዕላ፡ ብ10'ን 11'ን ሰነ ኣብ ከተማ ዓሰብ ወዲቡ።

ሓላፊ ናይ'ቲ ጨንፈር መምህር ፍስሃየ ኪዳን ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ዕላማ ዋዕላ - ኣብ ትምህርቲ ደቂኣንስትዮ ዛጊት ዝተዋህለለ ተመኩሮታትን ዘጋጠመ ብድሆታትን ብምድህሳስ፡ ሓባራዊ መረዳእታ ንምፍጣር፡ ከምኡ'ውን ኣብ መጻኢ ድርኺት ዝፈጥሩ እማመታትን ርእይቶታትን ንምቕራብ ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

ኑቲ ዋዕላ ዝደረኸ ቀንዲ ምኽንያት፡ እናንቈልቈለ ዝመጸእ ዘሎ ተሳታፍነት ደቂኣንስትዮ ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ ድሕሪ-ባይታ ትምህርቲ ኣብ'ቲ ዞባ፣ ጽልዋ ባህልን ልምድን ኣብ ትምህርቲ ደቂኣንስትዮ፣ ከምኡ'ውን ተራ ምምሃር ደቂኣንስትዮ ኣብ ምውሓስ ጥዕና ሕብረተሰብ ብዝግበኦ ከምዝፍተሸ ገሊጹ።

ብመሰረት ዝቐረበ ጸብጻብ፡ ዝርግሐ ትምህርቲ ንምስፋሕ ብዝተገብረ ልዑል ጻዕሪ፡ ቁጽሪ ትካላት ትምህርቲ ምስ ናይ ቅድሚ ናጽነት ክነጻጸር ከሎ፡ ቅድመ ትምህርቲ ብልዕሊ 7,600 ሚእታዊት፣ መባእታ ብልዕሊ 430 ሚእታዊት፣ ማእከላይ ደረጃ ብ1,000 ሚእታዊት፣ ካልኣይ ደረጃ ድማ ብ1,600 ሚእታዊት'ኳ እንተዓበየ፡ ተሳታፍነት ደቂኣንስትዮ ግን ምስ ዝርግሐ ክነጻጸር ከሎ ኣዝዩ ትሑት ምህላዉ በሪሁ።

ዓመታዊ ልዕሊ 18 ሚልዮን ናቕፋ ንመካዑበሮ ወጻኢ ዝግበረለን 3 ኣሕደርትን 32 ሓውሲ ኣሕደርትን ኣብያተ-ትምህርቲ ከምዘለዋ፣ ብቐንዱ ድማ ተሳታፍነትን ቀጻልነትን ደቂኣንስትዮ ንምውሓስ ዝተኸፍታ ምኳነን ክግለጽ ከሎ፡ ተጠቀምቲ ናይ'ዚ ዕድል ዝኾና ደቂኣንስትዮ ግን፡ ኣብ ኣሕደርቲ ኣብያተ-ትምህርቲ 7.5 ሚእታዊት፣ ኣብ ሓውሲ ኣሕደርቲ ኣብያተ-ትምህርቲ ድማ 25 ሚእታዊት ከምዘለዋ ተሓቢሩ።

ኣዛዚ እዚ ምብራቕ ብርጋዴር ጀነራል ኣብርሃም ዓንደም ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ ምምሃር ጓልኣንስተይቲ መሰረት ህንጻት ስልጡን ሕብረተሰብ ከም ምኳኑ መጠን፡ ተሳታፍነተን ምሕያል፡ ሓላፍነት ናይ ኩሉ ዜጋ ስለዝኾነ፡ ብውህደት ክስራሕ ጸዊዑ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይ ብወገኑ፡ ተሳተፍቲ ዋዕላ ዘርኣዩዎ ንኡድ ተሳትፎ፡ ኑቲ ዛዕባ ንዝሃቡዎ ኣቓልቦ ዝምስክር ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ ምምሃር ጓልኣንስተይቲ - ቁጠባዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ማሕበራውን ካልእን መዳያት ስለዘለዎ፡ ተራ ወሰንትን ጸለውትን ኣካላት ክዓዝዝ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ተራ ደቂኣንስትዮ ኣብ መሰርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ንምሕያል፡ ንኣብነታውያን መምህራ ደቂኣንስትዮ ወረቐት ምስክር ተዓዲሉ።

# ኣባላት እዚ ምዕራብን ፖሊስ ዞባ ጋሽ-ባርካን፡ ደም ለጊሶም

ብምኽንያት ዓለምለኻዊ መዓልቲ ልግሲ ደም፡ ኣባላት እዚ ምዕራብን ፖሊስ ዞባ ጋሽ-ባርካን ብ13 ሰነ ደም ለጊሶም።

ዕላማ ናይ'ቲ ኣብ ቀጽሪ ሆስፒታል ባረንቱ ዝተኻየደ ናይ ልግሲ መደብ፡ ትሕዝቶ ባንክ ደም ብምስሳን ህይወት ዜጋታት ንምድሓን ከምዝኾነ፡ ኣብ ጨንፈር ጥዕና ዞባ ጋሽ-ባርካ ሓላፊ ኣሃዱ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ነርስ ተስፉኣለም ተወልደ ገሊጹ።

ብዕቱዋ ብዝተዋደድ ንሰንሰለት ንቕሓት ዜጋታት እናበርኸ ብምምጽኡ፡ ልግሲ ደም ኣብ ሰራሕተኛታት መንግስቲ፡ ተመሃሮ፡ ህዝቢ፡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ፖሊስን ከም ባህሊ እናሰረጸ ብምምጽኡ፡ ኣብ ትካላት ጥዕና ክርአ ዝጸንሐ ጸገም ብዙሕ ዝተማዕለ ይቃለል ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ነርስ ተስፉኣለም ብዘይካ'ዚ፡ ቀጠባዊ ትሕዝቶ ማሕበር ንኽሕይል፡ ሰብ ጸጋን ትካላት መንግስትን ኣበርክቶኦም ከዕዝዙ ኣዘኻኺሩ።



# መልእኽቲ ሚኒስትሪ ሕርሻ
## ብኣጋጣሚ ዓለምለኻዊ መዓልቲ ምምካት ምድረበዳነትን ደርቅን

ሎሚ ዓመት፡ ዓለምለኻዊ መዓልቲ ምምካት ምድረበዳነትን ደርቅን፡ "ንመዘውሒታትና ክንልየም፣ ኢቓልቦ ንሃቦም፣ ነሀብትሞም!" ብዝብል ቴማ ተዘኪራ ኣላ። እዛ መዓልቲ፡ ዓመታዊ ኣብ ምምካት ደርቂ፣ ምድኻይ መሬትን ምስፍሕፋሕ ምድረበዳን እተፈላለዩ ንጥፈታት ብምኽያድ ተዘኪራ ትውዕል። ሎሚ ዓመት፡ ተራ መዘውሒታት ኣብ ቀጻልነት መነባብሮ፡ ምሕያል ተጻዋርነት ደርቅን ምሕጋዝ ስርዓት መግቢን ኣተኩሮ ብምሃብ ትዝከር ኣላ።

መዘውሒታት፡ ልዕሊ ፍርቂ ገጽ-ምድሪ ናይ ዓለም ይሽፍኑ። ኣስታት ክልተ ቢልዮን ህዝቢ ዓለምና፡ መነባብሮኡ ኣብ መዘውሒ እተሞርከሰ እዩ። እዚ ቅርጺ-መሬት፡ ናብ ወሎዶታት ዘሎዋ 500 ሚልዮን ሰባት ብመንባሪ ዝመሓደሩሉ ቦታ የጠቓልል።

ፈጻሚት ሰክረታሪያት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንምምካት ደርቅን ምድረበዳነትን ሚስ ያስሚን ፉኣድ፡ ከምዚ ትብል፣ "ክሳዕ ፍርቂ ካብ መሬት መዘውሒ ዓለምና ተዛሲዩም ኣለዉ፣ ገሊኦም እውን ልዕሊ ጫኺታት ብዝቐልጠፈ መጠን ይጠፍኡ ኣለዉ። እዚ ደማ ንውሕስነት ምግቢ፡ ንመጠን ማይን ህይወት ፍጡራትን ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ኩይኑ፡ ኣብ ቀኒጠብ ሃገራትን ሕብረተሰባትን ድማ ሳዕቤናቱ ይረኣዩ ኣለዉ።"

ናይ ቀረባ እዋን ቴክኒካዊ ቅማረታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንምምካት ደርቅን ምድረበዳነትን ከም ዘርእዩ፡ ኣብ ዳግመ-ሕውየት መሬት መዘውሒ ዝግበር ወፍሪ፡ ንፍሲ-ወከፍ ሓደ ዶላር ኣመሪቱ፡ ክሳዕ 35 ዶላር ኣመሪጓ ተመላሲ ጥቕሚ ከም ዘምጽእ የርኢ።

ቴማ ናይዚ ሎሚ ዓመት ከም ዝሕብሮ፡ ሃገራትን ማሕበረሰባትን ከምዚ ዝስዕብ ስጉምትታት ክወስዱ ይዕደሙ፦

- ክልየምዎ፦ መዘውሒ፡ ኣብ ምዕቃብ መሬት፡ ማይን ስነ-ህይወታዊ ብዙሕነትን ኣገዳሲ ግደ ተራ እዩ ዘሎዎ። ኣብ ቀኒጠብ ውልቀሰባት፡ ሕብረተሰባትን ሃገርን ዘሎዎ ቀጥታዊ ጽልዋ'ውን ቀሊል ኣይኮነን። ነፍሲ-ወከፍ ሰብ፡ ንኣብርክቶ መዘውሒ፡ እንተውሓደ፡ ዑደት ማይን ምኽዛን ካርቦንን ኣብ ምዕቃብ ዘሎዎ ብሉጽ ተራ ክፈልጥ ይግባእ።
- ኢቓልቦ ንሃቦም፦ ሓፈሻዊ ንጥፈታትን ምንቅስቓሳትን ጓሶት፡ ሓረስቶት፡ ነበርትን ሰበኽሳኖምን ንምዕቃብ ወይ ንምስዋር መዘውሒታት ዝጸሉ ስለዝኾኑ፡ ንስለ ህይወትና፡ ህይወት እንስሳታትን ድሕነት ኣከባቢናን ክንብል፡ ልዑል ቍጽጽር፡ ሓለዋን ጥንቃቐን ኣብ መዘውሒታት ብምግባር ክንኸብሮም ይግባእ።
- ነሀብትሞም፦ መሬት ናብ ንብረ ክምለስ እንተኾይኑ፡ ኣብ ዘሎቒ ምሕደራ መሬትን ማይን ወፍሪ ምግባር፣ ስርዓት ምሕደራ ምድልዳል፡ ምድላዋት ንመኸተ ደርቅን ምስፍሕፋሕ ምድረበዳነትን ምሕያል… ዝበሉ ስትራተጂታት ብማሕበረሰብ ንዝምራሕ ጻዕሪ ክድግፉ ይግባእ።

ኤርትራ፡ ብምኽንያት ጂኦግራፍያዊ ኣቀማምጣኣን ቅርጺ መሬታን፡ ሓንቲ ካብተን ብደርቅን ምስፍሕፋሕ ምድረ- በዳነትን ብቐሊሉ ክጥቃዓ ዝኽእላ ሃገራት እያ። ስለዚ፡ ኣብ ኤርትራ፡ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ምፍዋስ መሬትን ብውዱብን ቀጻልነት ዘሎዎን ኣገባብ እንተዘይተተግቢሩ ሳዕቤኑ ቀሊል ዘይምኻኑ ርዱእ'ዩ። እቲ ሃገርና ዓመታዊ እትረኽቦ ክብን-ለጠቕን ዝመልኣ ወቕታዊ ዝናብ'ውን ብውጽኢታዊ መንገዲ እንተዘይተዓቂቡ፡ ዘላቕነት ጽላት ሕርሻን ውሕስነት መነባብሮ ህዝብን ኣብ ሓደጋ ክወድቕ ከም ዝኽእል ርዱእ'ዩ።

ካብዚ ተበጊሱ'ዩ እምበኣር፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ግዚፍ ገዝኦን ንዋታዊ ከኢላውን ካልእን ጸጋታት ብምውፋር ከምኡ'ውን እቲ ዕማም ሓያልን ስጡምን ንክኸውን ኮማዊ ስራሕ ከም ዝህልዎ ብምግባር ከም ቀዋምነት ናይ ቀዋምነታት ወሲዱ ክሰርሓሉ ዝጸንሐን ዘሎን። ኣብዚም ዝሓለፉ 35 ናይ ናጽነትን መኸተን ዓመታት ንእተመዝገቡ ኣሳልጦታት ሕውየት መሬትን ማይን ብሓፈሻኡ ንምግምጋም፡ እዋናውያን ጸብጻባት ሚኒስትሪ ሕርሻ ምውካስ ይከኣል እዩ። ብመሰረት እዚም ጸብጻባት፡ ብድምር ልዕሊ 135 ሽሕ ሄክታር ዝስፍሓቱ መሬት ንምግራብ ጥጡሕ ባይታ ዝፈጥሩ ብርኽት ዝበሉ ቅናታውያንን መትረባውያንን ዛላታት ተሰሪሖም ኣለዉ። ንተርእዮ ብርሰት ኣግራብ ብዝለዓለ መልክዑ ንምግታእ ክወሰዱ ዝጸንሑን ዘለዉን ስጉምትታት ብዝተኣሳሰር ከኣ ክሳዕ ሕጂ ልዕሊ 174 ሽሕ መንን ኣድሓኒት ተሰሪሐን ኣብ ተጠቒምቲ በጺሐን ደርከባ። እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣስታት 294 ሽሕ ሄክታር ዝስፍሓቱ መሬት ሕርሻ ተዛልዩ ኣሎ። ልዕሊ 6 ሚልዮን ሜተር ክዩብ ዝዋቐናም ከትርታት'ውን ተሰሪሖም። ኣብ መላእ ሃገር፡ ርትዓዊ ዝርጋሐ ዘሎወን እተፈላለዩ ዓቕሚ ማይ ናይ ምሓዝ ዓቕሚ ዘውንና ኣስታት 850 ከዝንቲ ማያት ተሃኒጸን ደርከባ። ቀጽሪ ዲጋታት ኣብ እዋን ናጽነት ኣስታት 138 ጥራይ ምንባሩ ይፍለጥ፡ ኣብዚ እዋን ድማ ብልዕሊ ሽዱሽተ ዕጽፊ ዓብዩ ደርከባ። ከም ወጽኢት ናይዚ ኹሉ ንጥፈታት ድማ 30 ሽሕ ሄክታር ኣብሉ ኣብ ዝገመት መሬት ሕርሻ፡ ማዕናኣዊ ንጥፈታት ሕርሻ ይካየድ ኣሎ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ሓወሲ ምድሪ በዓ ዝኾነ መሬት ሃገርና፡ ልምዓት ተምሪ ንምስፋሕ ብዘሎ መደብ፡ ክሳዕ ሕጂ ኣስታት 40 ሽሕ ፈልሲ ተምሪ፡ ኣብ ኣስታት 257 ሄክታር ዝኸውን መሬት ተተኺሉ ደርከባ። ምህናጽ ናይዘን ከዝንቲ ማያት ኣብዚ ግዜ፡ ንሰብን እንስሳታትን ዝኸውን ቀረብ ዝስተ ማይ ካብ ምውሓስ ሓሊፉ፡ ንኣከባብያዊ ሕውየትን ማዕናኣዊ ሕርሻን ዘተባብዕ ወጽኢት ተረኺቡዎ ደርከባ።

እቲ ካብ ፈለማ ዓመት 2024 ክሳዕ ምዝዛም 2028 ዝትግበር ስትራተጂያዊ ውጥን ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ምስ ምሕያል ዕማማት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ዝተኣሳሰሩ፡ ንጹራትን ብኣሃዝ ዝልክዑን መደባት ኣሰፊሩ ደርከባ። ብተወሳኺ፡ ከም ኣካል ናይዚ "ውሑስን መኣዛውን መግቢ፣ ንኹሉ ኣብ ኩሉ!" ዝብል መርሓ ዘሎዎ ስትራተጂያዊ ውጥን፡ ኣብ ናይ ሓደ ሽሕ ትርብዒት ሜተር ስፍሓት መሬት ዝትግበር ስትራተጂ ልምዓት ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ (ንርቃሕ) ብምልኣት ተበጊሱ፡ ጸቢቕ ይግስገስ ኣሎ። እዚ ስትራተጂ፡ ብቐንዱ ኣብ ኣጻምእን ሓወሲ ኣጻምእን ንዝርከቡ ብዙሕብ ክረምቲ ጥራይ ዝለምዑ ከምኡ'ውን ኣብ ዕንጋሎኣዊ ኣገባብ ሕርሻ ንዝነብሩ ሓረስቶት ዝዓለመ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ቃጽያ መሬቶም ወፍሪ ብምግባር ህይወቶም ከመሓይሹ ልዑል ትጽቢት ኣሎ። ኣብ መወዳእታ፡ ምምካት ምስፍሕፋሕ ምድረበዳነትን፡ ብምብራኽ ንቕሓትን ብሓባራዊ ጻዕርን እዩ ዝዕወት'ሞ፡ መዘውሒታትና ብምክንኻንን ምብዝሕን ተረና ክንጻወት ይግባእ።

**"ንመዘውሒታትና ክንልየም፣ ኢቓልቦ ንሃቦም፣ ነሀብትሞም!"**

**ሚኒስትሪ ሕርሻ**
17 ሰነ 2026

# ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ስልጠና ወዲቡ

ጨንፈር ምርምር ስነ-ጥንታዊ ወርሻ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ፡ ኣብ ዕቃበን ስነ-ዓንን ኣሰር ጂኦሎጂያዊ ወቕቲ ሓፈሻዊ ኩነት ፍልቀት ወዲ-ሰብ ዘተኮረ ስልጠና፡ ብ8ን 9ን ሰነ ኣብ ኣስመራ ወዲቡ።

እቲ ንዓሰርተ ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም ልዕሊ 20 ኣባላት ዘተዋህበን ብክልሰ-ሓሳብን ግብርን ዝተሰነየን ስልጠና፡ ብምትሕብባር ኤርትራውያን ተመራመርቲን ካብ ሰጸኛ ብዝመጽኡ ክኢላታት ምርምር ስነ-ጥንቲ ፕሮፌሰር ቤንቬኑቶ ማርቲዛዘ ናባሮን ፕሮፌሰር ኣንቶኒ ካናልስ ሳሎሞንን እዩ ተዋሂቡ።

ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ናይ ስልጠና መደብ መቐጸልታ ናይ'ቲ ምስ መሻርኽቲ ብምትሕብባር ኣብ ምርምር ስነ-ጥንታዊ ወርሻታት ዝተበጽሐ ፍልጠት ንምስጋር ዝቐየድ ዕማም ምዃኑ ብምግላጽ፡ ስልጠንቲ በቲ ዝረኸብዎ ዕድል ኣፍልጦኦም ከዕምቑ ብምልባው፡ ንተራ ኣሰልጠንቲ ወድብዘ መጉሱ።

እቲ ስልጠና፡ ንዳህሳስ ፍልቀት ወድሰብ ኣብ ኣፍሪቃን ሰሜን ደንከል ኤርትራን ዘመናዊ ኣገባብ ስነ-ዳ ስነ-ህይወትን ስነ-ጥንትን ከምኡ'ውን ንምደጥን ልልያን ኣዕጽምትን ጸጸራዊ ኣሰራትን ብመዝጸር ኣከባብያዊ ርድኢት ዘተኮረ ምዃኑ ዝሓበረ ኣብ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ሓላፊ ጨንፈር ምርምር ስነ-ጥንታዊ ወርሻ ዶክተር ጺጋይ መዲን ኣብ ኩሉ ንጥፈታት ምርምር ስነ-ጥንታዊ ወርሻ ኤርትራ ዕዙዝ ኣበርክቶ ከም ዘሀልዎ ገሊጹ።




ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጸ. 1284


# ማእከል - ብምኽንያት 20 ሰነ ማእቶታዊ ንጥፈታት ተሰላሲሉ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ብምኽንያት 20 ሰነ - መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ፡ ማእቶታዊ ንጥፈታት ተሰላሲሉ።

በዚ መሰረት፡ መበል 35 ዓመት ናጽነት ኣብ ሃገሮም ንምብዓል ዝመጽኡ ኤርትራውያን ነበርቲ ሆላንድ፡ ብ11 ሰነ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ፣ ከምኡ'ውን ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ክፍለ-ሰራዊት 85 ነበር፡ ሰራሕተኛታት ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ሓሊበትን ሚኒስትሪ ፋይናንስን ሃገራዊ ልምዓትን፡ ብ13 ሰነ ኣብ ቀጽሪ ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ሓሊበት፡ ምኽሳኻስ ኣግራብን ወፈራ ጽሬትን ኣካይዶም።

ብተመሳሳሊ፡ ብ16 ሰነ ኣስታት 300 ሰራሕተኛታት ኤራቴል ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተመሳሳሊ ንጥፈታት ዓሚሞም።



# ንሰብኣዊ መሰል ረዚን መስዋእቲ ዝኸፈለ ህዝቢ

ዘለናዮ ቅንያት ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻኢን ዝርከብ መላእ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኑቶም ጸላም መግዛእቲ ቀንጢጦም ብርሃን ናጽነት ዘርኣዩዎ፣ ኑቶም ሃገራዊ ክብረቱን ልኡላውነቱን ከይድፈር በጃ ኮይኖም ዝሓለፉ ሰማእታቱ፡ ንርዝነት ሞያኦም ብዘድምቕ ኣገባብን ስርዓትን ዝዝክረሉን ዝሰብሃሉን ቅነ እዩ።

ከምዝፍለጥ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ መፋርቕ ዝሓለፈ ዘመን፡ ቀጥታዊ መግዛእቲ ኣብ ዘብቅዓሉ እዋን፡ ከም ኩሎም ግዙኣት ህዝብታት መሰል ናጽነት ይግብኦ እኳ እንተነበረ፡ ን"ስትራተጂያዊ ረብሓ" ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ተባሂሉ፡ ናጽነት ከይረክብ ተኸልኪሉ እዩ። ነዚ ዓመጽ'ዚ ብምቅዋም፡ ሰብኣዊ ክብረትን መሰልን ህዝቦም ንምርግጋጽ፡ ብልዑል ጅግንነት ዝተቓለሱን ዝተበጀዉን ኣፍቀርቲ ህዝቢን ሃገርን ሰማእታት እንተዘይርከቡ ድማ፡ ብመጠን ዝገጠሞ ከቢድ ተጻብኦን ዓለማዊ ውዲትን፡ ከም ህዝቢን ሃገርን ካብ ካርታ ዓለም ተሓኺኹ፡ ኤርትራዊ መንነት ተረሲዑ ምሃለወ። እዞም ብሉጻት ሰማእታቱ፡ ኩሉ ውልቃዊ ባህግታትን ድሌታትን ሰዊኦም፡ ኣእምሮኣዊን ጉልበታዊን ጸዓቶም ጥራይ ዘይኮነ፡ እንተላይ ዘይትትካእ ህይወቶም ንሰብኣዊ ክብረትን መሰልን ህዝቦም ሳላ ዝወፈዩ ግን፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ከምቲ ዓለም ህላወኡ ኩብቅዕ ዝፈረደቶ፡ ነበረ ኣይተባህለን። እኳ ድኣ ካብ ባርነት ተገላጊሉ፡ ሰብኣዊ ክብረቱን መሰሉን ኣረጋጊጹ፡ ናጻ ሃገርን ህዝብን ክኸውን በቒዑ። ብረዚን መስዋእቲ!

ታሪኽ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት፡ ዓሳን ባሕርን ብማዕረ ግዳይ ዝኾኑሉ ታሪኽ'ዩ። ገዛእቲ ኢትዮጵያን እቶም ከሎ ገና ህዝቢ ኤርትራ ሰብኣዊ መሰሉ ከይረክብ ዝዓንቀጹ ደገፍቶምን፡ ሕጋዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንመሰል ርእሰ ውሳነ ንምጭፍላቕ ዝተኸተሉዎ ፖሊሲ፡ "ዓሳ ንምንጻት ባሕሪ ምንጻፍ" ዝብል'ዩ ነይሩ። እዚ ካብ ተግባራቶም ብምንቃል ዝተባህለ ቃላት ኣይኮነን። ኣብ ወግዓዊ ሰነዳቶም ሰፊሩ ዝርከብ እዩ። በዚ እኩይ ፖሊሲ'ዚ፡ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ብኣልማማ ዝተፈጸመ ቅትለትን ግፍዒታትን ጸዊኻ ኣይውዳእን። ታሪኽ ገዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ፡ ታሪኽ ጃምላዊ ቅትለትን ማሕረዲን፡ ታሪኽ ምንዳድን ምዕናውን ዓድታት፡ ታሪኽ ምርሻንን ምሕናቕን መንእሰያት፡ ነፍሶ-ጾር ኣደታትን ህጻናትን ከይተረፈ ብሳንጃ ናይ ምዝልዛል ታሪኽ ኣረሜንነት እዩ። በዚ ናይ "ሕረድ፡ ዝመት፡ ኣቃጽል" ጭካነ፡ ህዝበን ብእኩብ ተረሺኑ፡ ኣባይተን ተቓጺሉ፡ ንብረቱን ተራሲዑ ዝባደማ ዓድታት ማእለያ የብለንን። ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንሰብኣዊ መሰልን ክብረትን ንምድቋስ ከምዚ ዓይነት ጃምላዊ ህልቂት፡ ዓመጽ ኣብ ልዕሊ ሰብኣውነትን ሰፊሕ ናይ ኩናት ገበንን ኣብ ዝፍጸመሉ ዝነበረ እዋን ግን፡ ብሰብኣዊ መሰልን ሰልጡን መትከላትን ዝመጻደቕ ማሕበረሰብ ዓለምን ትካላቱን፡ ነዚ ቅሉዕ ተግባር ንምኹናን ብጩቕ ኩብል ኣይተሰምዐን።

የግዳስ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብዓንተቦኡ፡ ፍትሓዊ መሰልን ብቃልሲን ጽንዓት ኣብ ዕላማን እምበር ብትኳቦን ድንጋጸን ከምዘይርከብ ኣሚኑ'ዩ ሰብኣዊ መሰሉ ንምርግጋጽ ተጋዲሎኡ ዘንቀለ። ቃልሱ ንምጭፍላቕ ኣብ ልዕሊኡ ዝተኻዕወ መጠን ኣልቦ ሓዊን ዓረርን፡ ዝወረዶ ማእለያ ዘይብሉ ግፍዒን በደላትን ብጽንዓት ተጻዊሩ፡ ረዚን መስዋእቲ እናኸፈለ ጸኒዑ ብምቅላስ ድማ፡ ኣብ መወዳእታ ብገዛእ ቅልጽሙ ሰብኣዊ መሰሉን ክብረቱን ጨቢጡ፡ ናጻ ሃገር ክኸውን በቒዑ።

ይኹን'ምበር፡ እቶም ብቐደሙ "ናጽነት ኤርትራ ንስትራተጂያዊ ረብሓና ኣየገልግልን እዩ" ዝብል መርገጺ ሒዞም፡ ህዝቢ ኤርትራ ናጽነቱ ከይረክብ ዝዓንቀጹ ሓይልታት፡ ብመሪር ቃልስን መስዋእትን ናጽነቱ ምስ ኣረጋገጸ እውን ኣይተዋሕጠሎምን። ካብ ሓሙኹሽቲ ኩናት ተንሲኡ፡ ሃገሩ ንምህናጽ ኣብ ዝተበገሰሉ እውን ድማ፡ እንተቐዶ ልኡላውነቱ ንምቕልባስ እንተዘይቀዶ ጉዕዞ ፖለቲካዊን ቁጠባዊን ህንጸት ሃገሩ ንምዕንቃፍ፡ ብዶብ ኣሳቢቦም ዳግም ኩናት ወሊዖምሉ። ምስ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ምሕዝነት ፈጢሩ ናብ ስልጣን ዝመጸ ሓድሽ ስርዓት ኢትዮጵያ ድማ ከምቶም ቀዳሞት ስርዓታት መጋበርያ ናይዚ ሸርሒ'ዚ ኮይኑ፡ ብሃብትን ህይወትን ህዝቢ ኢትዮጵያ ዳግማይ ኣብ ዘይሰምር ኩናት ተጣሊዑ። እንተኾነ ኣብዚ ካልኣይ ሃቐነ እውን ኣይሰለጦምን። ህዝቢ ኤርትራ ብሓያል ያታ መኸተኡ ወራራቶም ሓምሺሹ፡ ንኩናት መሳበቢ ዝኾነ ጉዳይ ኣብ መጋባኣያ ከምዝቐርብ ብምግባር ብዓወት ወጺኡ።


ኣብዚ ዳግማይ ኩናት እውን፡ ስርዓት ኢትዮጵያ ብኣይዞኻት ደገፍቱ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ኤርትራ ዝፈጸሞ ግፍዒ መዘና የብሉን። ዓሰርተታት ኣሽሓት ህዝቢ፡ መሬቱ ተገቢጡ ብደብዳብ ነፈርቲን ኩናትን ካብ ዓድታቱን ናይ ሕርሻዊ ንጥፈቱን ተፈናቒሉ። ልዕሊ 70 ሽሕ ኣብ ኢትዮጵያ ዝቕመጡ ዝነበሩ ኤርትራውያን፡ ንብረቶም ተዘሪፉ፡ ካብታ ሃገር ብግፍዒ ተሰጉጎም። እቲ ዘገርም፡ ዝኾነ ገበን ዘይብሎም ህጻናት፡ ሽማግለታት፡ ነፍሶ-ጾራት፡ እንተላይ ኣብ ሆስፒታል ተዓቚቦም ዝነበሩ ውጹዓት ሕሙማት ከይተረፉ፡ ካብ ኩሉ ከባቢታት ኢትዮጵያ ተተለቒሞም ኣብ ዝባረሩሉ ዝነበሩ እዋን፡ እዛ ብሰብኣዊ መሰል እትመጻደቕ ዓለም፡ ሽዑ እውን ኣፍ ኣውጺኣ ነዚ ቅሉዕ ገበን ክትኩንን ኣይተሰምዐትን። ካልእሲ ይትረፍ ውድብ "ሕቡራት ሃገራት"ን "ሕብረት ኣፍሪቃ"ን ኤርትራውያን ሰራሕተኛታቶም ካብ ማእከል ኣብያተ ጽሕፈቶም ተለቒሞም እናተወሰዱ ዓገብ ኩብሉ ኣይከኣሉን። ካብዚ ታሪኽ'ዚ እንግንዘቦ ሓቂ፡ ኣብዛ ናይ ረብሓ ዓለም፡ ሰብኣዊ መሰል፡ ፖለቲካዊ ዕላማታት ንምስሳይ ዝለዓል መህደዲ ዛዕባ እምበር፡ መንቀሊኡ ሓልዮት ኣብ ልዕሊ ሰብኣውነት ከምዘይኮነ'ዩ።

ታሪኻውያን ተጻባእቲ ህዝቢ ኤርትራ፡ መጠነ ሰፊሕ ኩናት ወሊዖም፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዘይተኣደነ ገበንን ግፍዒታትን ፈጺሞም ክዕወቱ እኳ እንተዘይክኣሉ፡ ድሕሪ'ዚ ተደጋጋሚ ፍሸለት'ዚ እውን ኣይቀሰኑን። ብዋጋ ልኡላዊ መሬት ኤርትራ፡ ብዋጋ ስቅያት ህዝቢ ኤርትራ፡ ብዋጋ ምርግጋእ ዞባና፡ ብዘይሕጋዊን ዘይቅቡልን ተጻብኦን ምትእትታውን ንህዝቢ ኤርትራ ከምበርክኹ ብዙሕ ሃሊኾም። ህዝቢ ኤርትራ ቀሲኑ ሃገሩ ከየልምዕ፡ ዘይፍትሓዊን ዘይርትዓዊን እገዳ ብምስግዳድ፡ ብዙሕ ዓይነቱ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊን ጸጥታዊን ሸርሒታት ብምፍጻም፡ ስውርን ግሁድን ዲፕሎማሲያዊ ናይ ጸቕጢ ዘመተታት ብምእላም፡ ስምን ምስሊን ናይዚ ረዚን መስዋእቲ ከፊሉ ሰብኣዊ መሰሉ ዘረጋገጸ ህዝቢ ብምጥቃን፡ መርበባት ፍልሰት ኣዋዲዶም ዓቕሚ ሰቡ ብምጽንቃቕ ንምንብርካኹ ዘካየዱዎ ፈተነታት እምበረ መጠን ብዙሕ እዩ።

ኩሉ'ዚ ተጻብኦታት'ዚ ግና፡ ብሓያል ጥምረትን ፍናንን ህዝቢ ኤርትራ ተመኪቱ። ኣብዚ ንልዕሊ ርብዒ ዘመን ዝኸደ ቡዳዚ መድረኽ፡ ህዝቢ ኤርትራ ከምቲ ተጻባእቱ ዝሓለምዎ፡ ብውዲታቶም መሳርዕ ኣይተዘርገን። እኳ ድኣ ውሽጣዊ ሰላሙን ቅሳነቱን ኣውሒሱ፡ ብልዑል ፍናን ኣብ ድርብ መኸተኡ ተጸሚዱ ከይረብረበ መኪቱ። ጥምረቱ ምስ መንግስቱ ኣይላሕለሐን። እኳ ድኣ ዝያዳ ተሪሩን ሰጢሙን። ጉዕዞ ልምዓቱ ጀሆ ኣይተታሕዘን። ብኣንጻሩ ዓጸፋ ሰሪሑ ብዘሰላስሎ ዕዮ፡ ንቅልጡፍ ቁጠባዊ ዕቤት ድልዱል መሰረት ኣብ ምንጻፍ ጸኒሑ፣ ናብ ገዚፍ ዕማም ህንጸት ሃገር ኣብ ዝኸቅለሉ መድረኽ በጺሑ።

ኣብዚ ብዙሕ ገበናት ዝፍጸመሉ፡ ጎነጽ፡ ጃምላዊ በደላት፡ ጥሩፍነትን ሽበራን ዝሃወጾ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ኤርትራ እታ እንኮ ሰላምን ርግኣትን ዝዓሰላ፡ ኣብ መዳይ ሰብኣዊ ምዕባለ ብደረጃ ዓለም እተመስከረሉ ገስጋስ ዘመዝገበት ሃገር ክትከውን ምብቅዓ፡ ንዓወት ህዝቢ ኤርትራን መንግስቱን ኣጕሊሑ ዘርኢ እዩ።

ኤርትራውያን፡ ንኩሉ ጽንኩር ኩነታትን ተጻብኦታትን ብዓወት ክንሰግሮ ዘኽእለና ዘሎ ምስጢር እንታይ'ዩ እንተተባሂሉ፡ እቲ ብልዑል ተጻዋርነት ዝልለ ባህሊ ብሉጻት ሰማእታትና እዩ። ባህሎምን ክብርታቶምን ዓጢቕና፡ ሕድሮም ኣብ ምፍጻም ዛጊት ብዘርኣናዮ ትግሃት ድማ፡ እሙናት ተቐባልቲ ሕድሪ ምኳንና ብግብሪ ነመስክር ኣለና። ሕጂ እውን ሕድሪ ሰማእታትና፡ ጸዓት ቀጻልነትናን ዕብየትናን፡ ዋሕስ ህላወናን ልምዓትናን እዩ። ሰማእታትና ዝሓለምዋ ሃገር ብግብሪ ሃኒጽና፡ መንፈሶም ከምእነቕሰን ድማ ምሉእ ምትእምማን ኣለና። ከመይሲ ብድሆታት ጥሒስካ ምዕዋት ዝተመኩሮናሉን ዝመለኸናዮን ጉዕዞ እዩ። ሰማእታትና ዝልለዩሉ ክብርታት፡ ዘይፍለ ዕጥቅና ምስ ዝኸውን ከኣ፡ ባህግና ካብ ምስማር ዝዓግተና ሓይሊ የለን። ብኣጋጣሚ'ዛ ክብርቲ ዕለት 20 ሰነ እምበኣር፡ እቶም ካብ ክቡራት ዙሃራት ዝምረጹ ውርሻ ሰማእታትና ከም ብሌን ዓይንና ክንሕልዎምን ክንከናኸኖምን፡ መብጽዓና ነሐድስ!



## ቅኒት ድሕሪ ኩናት

ከንደቕድቕ ጸኒሑ መዳፍዕ ኣጽቂጡ
ነጎሪት ናይ ኩናት ቃናኡ ለዊጡ
ሻምብቆ ብረታት ንታሕቲ ሰፊሉ
ህልም ይበል እምበር 'ታይ ክናፍቕሉ!
ዝገረመኒ ግን ካብ ኩሉ ኩሉ. . .
ድምጺ ናይ ክራረይ ኣብዩኒ ለዚቡ
ቅኒት ድሕሪ ኩናት ከመይ ደዩ ቃናኡ፧

ክራረይ. . .
ሰቒለኪ'ሞኒ ኣብ መንደቕ ገዛና
ሓመድ ክበልዓኪ ምስ ረኣኹ ግና
ንዒ ደኣ ንዒ! ንዕኒ ክራረይ!
ንስኺ ትብልዮ ክንደይ ኣሎ ኣብ ኩበይይ።

ክራረይ. . .
ጅማትኪ ወጢርኪ ኣድርስሎም ድርሳን
ኪዲ'ሞ ብጽሒዮ መቓብር ብጹኣን
ረኣይዮ'ሞኒ ቤቶም ትሕቲ ምድሪ
ቅኒት ድሕሪ ኩናት ጊርኪ'ም ከርሪ
ንብዓት ኣንጥብሎም ውዑይ ንብዓት ፍቕሪ
ሰፈሮም ኩብቁል ቀያሕቲ ፍዮራ።

ክራረይ. . .
ኳሕኩሕኪ እተዊ ብጽሒ ገዛ-ገዛ
እህታ ኣኪይላ ብቐስታ ብላዛ
ንሰይቲ ኣድመቕም እንተላይ ንውዳ
ሞያኡ ነጊርኪ ደብስዮ ከርሳ
ንብዒታ ኣንቅጽዮ ብውዳስ ኣንብዑ።

እቶም ኣነ ዝርእዮም ንሶም ዘይርእዩኒ
ዘኸድዱ ዝነበሩ ትማሊ ብወኒ
ኑተን ሽኮ እግረን ትማል ዝዘለላ
ዚይከም ሽዑ ሎሚ ዓዲ ዝወዓላ
ሕላይ ሕሊይሎም ክራረይ ናይ ዓላ
ስሞም ኣግዝፍዮ 'ቶም ዝወዓሉላ።

ኣብ ኣፍላን ኣብ ክፍላን ኣብ ሸዊት ዕድሜኦም
ቋሕ ክትብሊ ዓዶም ዝሃቡኺ ዓይናም
ነታ ዘንድድ ንብዓት ዘውሓዘት ኣዴኦም
ነቲ ውሒጡዎ ስም ዝበለ ኣቦኦም
ኣውዲቕካ ትወድቕ ኢሎም ክኾርዕሎም
ምስቁምቋም ገዲፍኪ መዝሙር ዘምርሎም
ክራረይ. . .።

በየነ ሃይለማርያም

ኤርሚያስ ኣብርሃም (ወዲ ኢሞ)


# ንሞት ዘይፈራሕናስ . . .



ካብ ብስሙ ዝያዳ ቤታ ንስሙ ዘህሰሰት ሳንኡ'ዩ ዝልሉ። ውዑይ፡ ከምታ ዋዒኡ ድማ ኣዝዩ ንጡፍ። ኣብ ማእቶት ይሃሉ ኣብ ትምህርቲ ብረት ወላ ኣብ ጸወታ መትሓዚ ዘይብሉ ዋዒ'ዩ ዘለዎ። ንዋዒኡ ዘስተብህሉ እዮም ድማ ሸገርገር እትብል ሳን ኣልገብምሉ። ሕጂ በዛ ሳንኡ እንተ ዘይኮይኑ ብስሙ ዝፈልጦ ውሑድ'ዩ። ምሕር ዋዒኡ ዝረኣየ ጋሻ ኣብ ቁምነገር ዘለዎ ጉዳይ ክረኽቦ ኣይጽበን። እንተ ንዓይ ግዳ ኣብ ሓደ እዋን ብዘረባ ዘረባ ዝመጸ ዝሰንደወን ቃላት ንመዋእለይ ዝዘንግዐን ኣይኮናን።

መን ኣበጊስዎ ኣይፍለጥን'ዩ ግን ብዘረባ ዘረባ ኣብ ማእከል ሓንቲ ሕቶ ብኣረኣእያ ተገማሚዕና፡ ኣሃዱና። 'ሃገር ምምጻእ'ዶ ይኸብድ ወላ ንሃገር ምሕላው፧' እትብል ሕቶ ናብ ርሱን ክትዕ ወሲዳትና። ምናልባት እዛ ሕቶ ግርህ ኢልካ ክትሓስብ ከለኻ ምስታ 'ደርሆ'ዶ እንቋቑሖ ይቕድም፧' ክትመሳሰል ትኽእል ትኸውን ግን ኣይራኸባን'ያን።

መንእሰይ ኣብ ዝሃለወ ደረጃ ፍልጠት'ን ከቡዘን ይሃሉ፡ ህንጡይ እዩ። እዚ ከኣ ካብ'ቲ ውዑይ ዕድመ ምኻኑ ወይ ካቡቲ ክጉብር ኣለኒ ዝብል ድርኺት ናይቲ ዕድመ ክኸውን ይኽእል። ንዘኾነ ዘጋጥሞ ነገር ክሰዕር ወይ ክሰግር እዩ ዝፍትን። እዚ ባህርያት መንእሰይ ድማ ዘድልዮ ኣልያ እንተ ዘይረኸበ፡ ናብ ዘየርብሖ ኣንፈት ክወስዶ ዘይክእል ኣይኮነን። እዛ 'ምምጻእ'ዶ ምሕላው፧' ኢላ ዝተበገሰት ሕቶ'ውን ርግኡ ኢልካ መልሲ ክወሃባ እንተ ኮይኑ፡ እታ 'መን'ዩ ሓታቲ፧' እትብል ቀላል እትመስል ሪዘን



ሕቶ ኣቐዲማ መዕለቢ ክትረኽብ ነይሩዋ።

ገለ ሰባት ነገራት ይሰርሑ ወይ ከም ዝገሃዱ ይጉብሩ፡ ገለ ድማ ነገራት ክፍጸሙ ወይ ክገሃዱ ይዕዘቡ፡ ገለ ከኣ ቡቲ ዝተሰርሐ ይግረሙ ወይ ይድንጸዉ፡ ዝብል ዝውቱር ኣበሃህላ ኣሎ። ብርግጽ ድማ መንእሰይ ናይዛ ሃገር ኣብ ዝኾነ ወለዶ ይሃሉ ብዘየገድስ፡ ምስቶም ቀዳሞት እዩ ምድቡ። እዚ ንስለ ምጽባቕ ዘረባ ዝበሃል ከም ዘይኮነ ድማ ኣብ ዝሓለፈ መዋእላት ዝተሰርሐ ኣብ ዓለም መዳርግቲ ዘይብሉ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ምልስ ኢልካ ምውካስ ኣኻሊ'ዩ። ቅያ ክሰርሕ እምበር ክንጸቶን ክጅሃርን ሕርያኡ ኣይኮነን መንእሰይ ኤርትራ።

እቲ ውሩይ ስነ ፍልጠታዊ ኣልበርት ኣይንስታይን ሓደ እዋን ኣብ ሓደ መድረኽ ሓደ ሕቶ ቀሪቡሉ። እቲ ሕቶ 'ካብ ፕላኔት መሬት ክሳብ ወርሒ ዘሎ ርሕቀት ክንደይ'ዩ፧' ዝብል'ዩ ዝነበረ። ኣልበርት ኣይንስታይን ቡቲ ሕቶ ብዙሕ ከይተገደሰ ከም ዘይፈልጦ ሓቢሩ። እቶም ሕቶ ዘቕረቡሉ ግዳ ኣልበርት ኣይንስታይን ዝኣክል ሰብ ከመይ ገይሩ ኣዚ ዝኾነ "ሕማቕ ተመሃራይ" እኳ ዝምልሶ ተራ ሕቶ ምምላሱ ስኢኑ ምሕር ደንጸዎም። ደጊሞም ድማ ንምንታይ ክፈልጦ ኣይከኣለን ተወከስዎ። እዚ ኣብ ሂወቱ ብዙሕ ስነ ፍልጠታዊ ምርምራት ዘካየደን ኣብ ስነ ፍልጠት ዓቢ ስም ዘለዎን ኣልበርት ዝሃቦም መልሲ ድማ፡ 'እዚ ንድኹማት ሓንጎል እዩ ዘገድስ' (It's for petty minds) ዝብል'ዩ ነይሩ።

ልክዕ ከምዛ ናይ ኣልበርት ኣይንስታይን እትመሳሰል ሓንቲ ዕላል ናይ ዋርሳይ ኣላ። ኣብ ምህናጽ ሃገርን ምኽባር ልኡላውነትን ብንጥፈት ዝተሳተፈ መንእሰይ'ዩ። ድሕሪ እቲ ኩሉ ዝሓለፎ መስርሕ ሂወት ብዛዕባ ትርጉምን ትንታነን ናይቲ ሂወት'ቲ ኣመልኪቱ ገለ ክጽሕፍ ወይ ብጽሑፍ ክሰንድ ኢሉ ተበጊሱ። እቲ ኣብ ልቢ ወለዳዊ ስርሓት ጸቡቕ ዝሓናጥጥ ዝነበረ መንእሰይ ዝሓለፎ ጉዕዞ ሂወት ብቐሊል ኣብ ጽሑፍ ከስፍሮ ከም ዘኽእል'ዩ ግምት ነይሩዎ። ኣብ ግብሪ ግዳ እቲ ብዕላል ናይ ብጾቱ ዝሰምዖስ ይትረፍ፡ ነቲ ባዕሉ ዝሓለፎ ኮማን ክጽሕፎ ኣጸገሞ። ቡቲ እንተበለ በዚ ነቲ መዘና ዘይርከቦ ግዚፍ ታሪኽ ኣብ ምስናዱ ክሰጉም ኣይከኣለን። ነዚ ጸገሙ ኣመልኪቱ ድማ ምስ ሓደ ብጻዩ ተመያየጡ። ኩሉ ዘጋጠሞ ዝርዝሩ ነዚ ብጻዩ ገለጸሉ። እቲ ናይ ጸሓፊ ብጻዩ ጸገም ብጽሞና ዝሰምዐ መንእሰይ ግን ብዙሕ ኣይተገረመን። እኳ ደኣ ብኣንጻሩ፡

"እዚ'ሞ እንታይ ኮይኑ ይገርመካ፧" ክብል'ዩ ሓቲትዎ።

"ከመይ፧"

"ዘገርም ኣይኮነን።"

"ንዘወዓልክዎ ምጽሓፍ ስኢነ'ኳ'የ ዝብለካ ዘለኹ።"

"ንዘኾነ ስራሕ ሰራሕቲ፡ ነቲ ስራሕ ክሰርሑ ዝዕዘቡን ቡቲ ስራሕ ዝግረሙን ዝዳምቑ ወይ ዘስተናዕቑ ከም ዘለውዎ ርዱእ'ዩ። ንስኻ ድማ ንተወፋይነት ብግብሪ ኢኻ ትትግብሮ ዘለኻ፡ ነቲ ክንዲ ግዝዐ ዝኸውን ህላወ ናይ ብዓል ኒሕ፣



ትብዓት ፍቕሪ ይኹን ካልኦት ክብርታትን ልምድታትን መግለጺኦም ዝኸውን ቃላት ስኢንካ ክትብለኒ ኣየገርምን'ዩ። እቲ ክገርም ዝግብኦ ብምልኣት ክገልጾ ክኢለ እንተ ትብለኒ እዩ ዝኸውን። ምኽንያቱ ብግብሪ እምበር ብቓላት ዝድህሰሱ ስለ ዘይኮኑ።" ክብል ኣብርሃሉ።

እዚ ዋርሳይ'ውን ብዓብኡ ንተወፋይነት እናንበርዎ፡ ንትብዓት እናስተንፈስዎ፡ ንኒሕን ሓቦ ምግባርን ኣብ ደሙ እናጸወረ፡ ብዓብኡ ንስለ ህዝቡን መሬቱን ክሰዋእ እናተዳለወ. . . . ብፈደላት ቃላት ሰሪዑ ስለ ዘይገልጾ ገለ ዝኸደሎ ኮይኑ ተሰሚዕዎስ ተሰኪፉ።

ናብ መበገሲ ዛዕባና ዝኾነ ኣርእስቲ፡ 'ንሞት ዘይፈራሕናስ. . .' ምስ እንምለስ እምበኣር ቃል ብቓል ናይ ሸገርገር ዘረባ እዩ። ነቲ ሃገር ኣብ ምህናጽን ምውሓስን ዝተሓልፈ ዘኪሩ ነቲ ድሕሩ ዝሰዓበ ኩነታት ኣብ ምውድዳር እዩ ዝበን ቃላት ኣውጺኡወን። 'ሞት ክንመውት ዘይፈራሕናስ ንክንኑብር እንታይ የጸግመና፧' እዩ ዝበለ እዚ ወረሲ ሕድሪ መንእሰይ። ከምቲ ኣቐድም ኣቢሉ ዝተገልጸ ድማ 'ካብ ምንባርን መማትን ኣየናዮም እዩ ዝኸብድ፧' ዝብል ሕቶ ከልዕል ግድን ኮይኑና።

እዚ ሕቶ ከም ዝእምቶ ብሂወት ምህላውን ወይ ብሂወት ዘይምህላው (ሞት)'ን ምስ እነውዳድር'ሞ ኣየናይ ይኸብድ፧ ኢልና ከም ሕቶ ምስ ንሓትት፡ ክሕተት'ውን ዘይግብኦ ናይ በዂሪት ጥያቐ'ዩ ዝመስል። ምኽንያቱ ብሂወት ምህላው ብዓብኡ ምስትንፋስ ማለት ክኸውን እንከሎ ሞት ግን ወላ ሓንቲ ዘይብሉ ደውታ'ዩ። ስለዚ ከምቲ ተዛሪብቲ ዝበልዎ መይቱ ነይሩ ዝተመልሰ ስለ ዘየለ ብሸነኽ ሞት ዝፍለጥ ወይ ዝድህሰስ ነገር የለን። ሽዑ እቲ ምውድዳር ሞትን ምንባርን ፍሩስ ንምግባሩ ይቐልል። እዚ ዝበልናዮ ከም ዘለዎ እናሃለወ ናይ መንእሰያት ኤርትራ ምስ ሞት ምፍጣጥን ንሞት ቀቢርካ ሪምካ ምውሓስን ጉዕዞ ኣብዘን ቃላት ሸገርገር ዘይተሳእላ ኣይኮናን፡ 'ንክንመውት ዘይፈራሕና. . .'።

ናጽነት ንምምጻእ ወፊሩ ምስ ብዙሕ ገጸታትን መልክዓትን ሞት መጻልታዊ ፊትፊት ተጋጢሙ፡ ተጋጢሙ ጥራሕ ዘይኮነ እናተሸራረፈ። ንሞት ሰዒሩስ ዕላማኡ ዝጨበጠ ሰብ ነይሩ። ኣብቲ ግጥም'ቲ ድማ ካብ ሞት ምፍራህ እቲ ዝለዓለ ነውሪ ናይ ዘመተ ገድሊ ምንባሩ ዘይርሳዕ'ዩ። እዚ ተጋዳላይ ዝስመ ፍጡር ከኣ ንሞት ሰዒሩ ክሰርርን ሃገር ክኸውንን ዓለም ዝመስከረትሉ እዩ።

ሕድሪ ኣቦታቱን ኣያታቱን ዝወረሰ ዝሰዓበ መንእሰይ ወለዶ ድማ ዝተረከበ ሃገር ክልምዕን ክውሕስን ምስ ብዙሕ ዓይነታት ሞት ክጋጠም ተገዲዱ። ግን ከኣ ገጢሙስ ንሞት ኣሰኪፉ ጥራሕ ዘይኮነ ዝተረከቦ ሕድሩ'ውን ኣጽኒዑ። እታ 'ንሞት ዘይፈራሕናስ. . .' እትብል ዘረባ ከኣ መንእሰይ ኤርትራ ንሞት ከም ዝሰዓረ ዓብይ ምስክር'ያ። ሕጂ እምበኣር ናብታ 'ሞት'ዶ ይኸብድ ህላወ፧' እትብል ሕቶ ኢና ክንሰግር። ቅድሚኡ ግን ግዳ ሓንቲ ካልእ ሰግር ዝበልናያ ሕቶ ኣላ። ኣቐዲመ ኣብ ዕላል ምስ ደቂ ኣሃዱና 'ሃገር ምምጻእ'ዶ ይኸብድ ወላ ንሃገር ምሕላው፧' ኢልና ናብ ዲቕ ዝበለ ክትዕ ኣቲና ምንባርና እዝክር።

'ምምጻእ' ክበሃል እንከሎ ንሓደ ዘይነበረ ነገር ናብ ህላወ ከተምጽኦ ከለኻ ኮይኑ እስመዓኒ። ኣብዚ ዘልዓልናዮ ኣርእስቲ ንኣብነት ከም ሃገርን ህዝብን ክንህሉ ኣብ ዘይተደለናሉ እዋን፡ ንኩሉ መሰናኽላት ሰጊርካ ሃገር ምኻን ቀዳማይ ናይ ሂወት ሽቶ ኮይኑ ተቐሚጡ። ሽዑ ድማ ንቕሓት ውዳበን ዕጥቅን ኒታ ንኽትህልወና ዘይተደልየት ሃገርን ናጽነትን ብኣንጻር ድሌት ዓመጽቲ ናብ ጋህዲ ክወጽኦት ኣምጺኡ። እዚ ድማ ቡቲ ንሞት ዘሰዐር ንቕሓት፡ ንሞት ዘስተናዕቕ ውዳበን ንሞት ዝቐበረ ዕጥቂ እምነትን ኣቢሉ ክዉን ኮይኑ።

ቡቲ ካልእ ሸነኽ ድማ ምሕላው እዩ ዝህሉ። 'ምሕላው' ወይ 'ምውሓስ' ክንብል እንከለና፡ ንዘለካ ጸጋ ወይ ንብረት ምክንኻን ማለት'ዩ መስለኒ። ነቲ ጸጋኻ ከይብእሶ፡ ከይዓኑ ወይ ብዓብኡ ካልኦት ዘበሃግዎ ከይወስዱልካ ክትጥንቀቐሉ ከለኻ ማለት'ዩ። ሃገርና ሃገር ኮይና ክትቅጽል ጥራሕ ዘይኮነስ ምዕብልትን ሕፍርትን ንምግባራ ክንሕልዋን ከውሕሳን ግዱ ኮይኑና። እምበኣር ብኸልቲኡ መንጽር ዘሎ ካብ ተረዳእናዮ፡ እቲ 'ኣየናይ ይኸብድ፧' ዝብል ሕቶ'ዩ ዝስዕብ።

ኣብዚ ሓደ እዋን እቲ ዓቢ መምህር ዝበሎ ክጠቅስ፡ ሓደ ዝኑበረሉ መንበሪ ገዛ ዘይብሎ ሰብ ነይሩ። እዚ ሰብ ምስ ባህርን ተፈጥሮኣዊ ጸገማትን ተቓሊሱ ንመንበሪኡ ዝኸውን ግሩም ቤት ሃነጸ። ነቲ ቅድሚ መንበሪ ምውናኑ ዝሕለፎ ሕሰም ድማ ከም ናይ ሕሉፍ ታሪኽ ሰጊርዎ ቀሰነ። ምስቶም ካልኦት ቀድሚኡ ኣናቶም መንበሪ ዘወኑ ሰባት ድማ ተመዓራረየ። ድሕሪ ገለ እዋን ከኣ ካቡቶም ካልኦት መሰልቱ ማለት ወገንቲ መንበሪ ኣባይቲ 'ምኽርታት' ክመጽኦ ይጅምር። 'እቲ መደቀሲ ክፍሊ ብሸነኽ ምብራቕ ገይርካ ክሸነ ብደቡብ ምስ እትገብሮ. . . . መቐበሊ ኣጋይሽካ ልዕሊ ኩሉ ክምዕርግ ኣለዎ. . .'፡ ዝኣመሰሉ ምኽርታት ዝመስሉ ትእዛዛት ይመጽእዎ። ግደ ሓቂ ብዓብኡ መንበሪ ቤት'ኳ ብናቱ ውልቃዊ ዓቕሚ ተጣቢቡ ዝሃነጸስ መደቀስን ክሽነን በየን በየን ንምድኳኖም ከመይ ኢሉ ከጸግሞ!

እታ 'ኣየናዮም ይኸብድ፧' ኢልና ዘልዓልናያ ሕቶ እምበኣር ሃገር ብዓብያ'ኳ ኣብ ዘይውጻእን ዘይውዳእን ዝመስል መሰገደላት ኣቲና ክዉንቲ ክንንብራ ዝኸኣልናስ፡ ንምሕላዋን ምውሓሳን ደኣ እንታይ ከየጸግመና፧! እቲ ሃገርን ናጽነትን ከምጽእን ከዋህድን ዝወፈረ መንእሰይ ሓጋዚን መኻርን ወይ ዘራይ ኣይተጸበየን፣ ዝርከበ'ውን ኣይነበረን። እቲ ምንታይሲ ዓለም እዛ ዓለምና ንኽጠፍእ እምበር ክሰርር ኣይደለየቶን ነይራ። ስለዚ ዝዓበየ ሕቶ ከም ሃገር ምህላው ኮይኑ፡ ሃገር ኣኳንካ ምቕጻል ከኣ ሰዒቡ ዝመጽእ ዕማም'ዩ ዝኸውን።

ሃገር ምውሓስን ምሕላውን ድሕሪ ሃገር ምምጻእ'ዩ ዝስራዕ ክበሃል እንከሎ ግዱ ቀሊል ማለት ኣይኮነን። ብቐንዱ ኣብ ዕላማኻ ምጽናዕ ንርሑቕ ምምዕዳውን ብተሰፋ ከየቋረጽካ ምዕያይን የድሊ። ካብ ንኡበሰኻ ንህዝብኻ ምቕዳም ይደሊ። 'ከምዝን ከምትን ገይረ' ዘይኮነ 'እንታይ ኣሎ ዝተረፈኒ፧' ኢልካ ምትጋህ የድልዩ። ትማሊ ንሞት ሰዒርካ ሂወት ኣእላፋት ምልቃብን ምውሓስን ብግብሪ እንተደኣ ተኻዊኑ፡ ንጸባሕን ድሕሪኡን ዝበረኸ ጫፍ ንምብጻሕ ምንቃሕ የገድስ።

'ንሞት ክንመውት ዘይፈራሕናስ ንክንነብር እንታይ የጸግመና፧' ዝበላ ቃላት ሸገርገር እምበኣር ድሕሪ ንሞት ሰዒሩ ብዓወት ምውጽኡ፡ ነቲ ናይ ኣይ ሰላም ኣይ ኩናት ሃዋህው ምስጋሩ ከም ዘይሸገር እየን ዘተንብሃ ነይረን፣ ሰጊርዎ ድማ። መንእሰይ ወለዶ ናይዛ ሃገር ንዘኾነ እንተታት ወትሩ ምስ ተዳለወ'ዩ። ምድላው ጥራሕ ዘይኮነ ድማ ኣብ ኩሉ ዓውድታት ብዓወት ፈንጠሱ ይወጽእ። ንቕሓቱ ኣብረኹን ብውዳቡ ደልዲሉን ኣብ ኩሉ ይዓጥቕ። ትማሊ ንስለ ሃገርን ህዝብን ክሳዕ ሂወቱ ምሂብ ዝተወፈየ መንእሰይ፡ ንልምዓትን ብልጽግናን ሪሙ ከመይ ኣብ ቅድሚት ዘይሰለፍ። ሳላ ዝጸንዐ እንደኣሉ ውሕስነቱ ዓቂቡ፣ ከም ሃገርን ህዝብን ቀጻልነቱን ርግኣተ ሰላሙን ኣድሚቑ።

— — — — — — —

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | ጹብጹብ ጸወታታት ኩዕሶ እግሪ ዋንጫ ዓለም 2026 |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:45 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ተክ ኢንሳይት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄራር |
| 14:20 | ቀስተ ደሕኑት |
| 14:35 | ፍረ ጻዕሪ |
| 15:05 | ህርመት |
| 16:25 | ማህደር |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ሌላ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ማእገር |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ዜና ስፖርት |
| 20:25 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ዶክመንታሪ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ጸባቐ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ፈንቅል |

# ቃለ- መሕትት

ኣብርሃም ዘርእ (ወዲ-ሃለቃ)

## “ዕድላት ምሸታዊ ትምህርቲ፡ ኣብ ታሕተዋይ ደረጃ ጥራይ ዘይኮነ፡ ክሳብ ኮለጃትና ክህሉ ኣለዎ” ሚ/ር ሓሊማ መሓመድ

*ክቡራት ኣንበብቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፥ ሓፈሻዊ ብዛዕባ ኩነት ትምህርቲ ሃገርና ኣመልኪትና ምስ ሚኒስተር ትምህርቲ ዶ/ር ሓሊማ መሓመድ ዘካየድናዮ ተኸታታሊ ቃለ-መሕተት 5ይን መወዳእታን ክፋሉ ይስዕብ።*

**- ኣብ ስርዓት ትምህርትና ዛጊት እንታይ ክለሰን ገምጋምን እዩ ተገይሩ፤ ዝተሰርሐ ነገራት እንታይ ይመስል፤**

እቲ ካሪኩለም ዳይናሚክ እዩ። ወትሩ ምስ ግዜ ክኽለስ ወይ ክመዓራረ እዩ ዘለዎ። ምኽንያቱ ግዜ እናወሰኸ እናማዕበለ ክኸይድ እንከሎ፡ ብኡ መሰረት ከኣ እቲ ካሪኩለምካ ‘ሪኣድጃስት’ ክትገብሮ ወይ ምስኡ ከተመዓራርዮ ትግደድ ኢኻ። ኣብ 2001፡2002 ከምቲ ትዝክርዎ፡ እቲ እንጥቀመሉ ዝነበርና ካሪኩለም ተኸለሱ ሓደሽ መጻሕፍቲ፡ ሓደሽ ካሪኩለም ኣምጺእና። ናይቲ ሽዑ ሓደሽ ካሪኩለም እንብሎ መሰረቱ እንታይ እዩ፤ እቲ ናይ ምዝና ስርዓትና ‘ኖርም ሬፈረንስ’ እዩ ነይሩ። እዚ ኖርም ሬፈረንስ እንታይ እዩ፤ ተመሃራይ ምስ ተመሃራይ ኢኻ ተወዳደር። ኣብዚ ሽዑ ዝመጽአ እንጥቀመሉ ካሪኩለም ግን፡ ተመሃራይ ሓደ ረቛሒታት ክመሃሮም ዘለዎ ወይ ከጥርየም ዘለዎ ክእለት ሰሪዕካ ብመጠን ናቶም ኢኻ ትመዝኖም ማለት እዩ።

ኣብቲ ናይ ኣገባብ ኣመሃህራና፡ እዚ ተመሃራይ ዝማእከለ ፔዳጎጂ ኢና ኣምጺእና። ምኽንያቱ ቀደም እንታይ እዩ ነይሩ፥ ዝበዝሐ እዚ ‘መምህር ዝማእከለ’ እንብሎ፡ መምህር ዝዓብለሎ ኣገባብ ኣመሃህራ ኢና ንጥቀም ነይርና። መምህር ዝዓብለሎ እንተኾይኑ፥ እቲ ተሳታፍነትን ርእሰ ምትእምማንን ናይ ተመሃሮ ይጉድል። ካልእ ብዓብኡ እቲ ካሪኩለም ‘ኣውት ካም በይዝድ’፡ ማለት ኣብ ውጽኢትን ክእለትን ዘድሃበ እዩ። ኣብ ክንዲ ትሕዝቶ ጥራይ፥ ንኣብነት፣ 1ይ ክፍሊ ጥራይ ክውዳእ ኣለዎ ኣብ ክንዲ፥ 1ይ ክፍሊ እዚን እትን ክእለታት ከጥሪ ኣለዎ ትብል። ስለዚ በዚ እዩ እቲ ናይ 2001፡2002 ካሪኩለም ተኸለሰ።

**- እዚ ኣብዚ ቀረባ ክልተ ሰለስተ ዓመት ዝተገብረ ክለሳ ኣብ ምንታይ ዘድሃበ እዩ ነይሩ፤**

ኣዝዩ ጽቡቕ ሕቶ እዩ። ኣብዚ ዝሓለፉ ዓመታት ዝተገብረ ገምጋም፡ ኣይንቕይሮን ኢና። ገምጋምትና ኣብ ምንታይ ዘድሃበ እዩ ነይሩ፥ ብጥቕልል ዝበለ ኣገላልጻ ጸገማትና ኢና ኣለሊና። እቲ መሰረታዊ ሳይንስ ኣይንቕይሮን ኢና። ብኡ ኢና ክንከይድ። እቲ ተመሃራይ ዝማእከለ እንብሎ፡ እዚ ናይ ምዝና ስርዓትና፡ ብዓብኡ ኣብ እቲ ካሪኩለም ኣብ ውጽኢት ዝተመርኮሰ ምዃኑ፥ ሕጂ ዝቕየር ኣይኮነን። ንሱ ኣይኮነን እቲ ጸገም። እቲ ዘለለናዮ፡ እንታይ እዩ ሽግርና ዝበል እዩ። ሓደ ካብቲ ዘለለናዮ እቲ ካብ 1ይ ክፍሊ ክሳብ 12 ክፍሊ ዝወሃብ ዝነበረን ዘሎን ስርዓተ ትምህርትና ኣብ ቀለም ዘድሃበ እዩ። ናይ ሰራሕን ሞያን ክእለታት ከጥሪ ንተመሃራይ ሓጊዚ ኣይነበረን። ስለዚ’ዩ 12 ክፍሊ ምስ ወድአ እቲ ተመሃራይ፥ ንሕና ኤርትራ ከም ንእሽቶን ድኻን ሃገር ዋላ ኣብዚን ዓበይትን ኣዝዮን ዝማዕበላን ሃገራት ኩሉ ተመሃራይ ናብ ዩንቨርስቲ ኣይኣቱን እዩ። ግን ሓደ ዝተወሰነ ትምህርቲ ምስ ተመሃረ ብኡ ክእለት ኣጥርዩ ናብ ስራሕ ዓለም ክዋፈር ክኽእል ኣለዎ። ሓደ ካብቲ ኣለሊናዮ ዘለና ጸገም ናይ ካሪኩለምና፡ ክሳብ 12 ክፍሊ እቲ ዝበዝሐ ተመሃራይና ብቐለም ጥራይ ኣብ ክንዲ ዝውድእ፡ ከመይ ገይሩ እዩ ሞያ ከም ዘጥሪ ዝገብር ዝበለ ነጥቢ እዩ። ዘቕረብናዮ እማመ’ውን ኣሎ። ዝ ኣብ ምቕያርን ኣብ ምኽላስን ድማ ክንሰርሕ ኢና ማለት እዩ። እቲ ካልኣይ፡ ከምቲ ዓንተቦይ ዝበልክዎ ናይ ቲቪት ወይ ናይ ሞያ ጽላትና ንምዕባይ እዩ። እቲ ሳልሳይ፥ ጸገማት ናይ ካሪኩለም ዘለለናዮ፡ ሕቶ መምህር እዩ። እቲ ኣብ ሚ/ሪ ትምህርቲ ዘሎ ሰራሕተኛ መምህር፡ 5 ዓመት ሰሪሑ ናብ ሞያኡ ዝኸይድ እንድሕር ኮይኑ፥ ናብ ሞያኡ ክኸይድ ጽቡቕ እኳ እንተኾነ፥ ነቲ ስርዓተ ትምህርቲ ግን ሓጋዚ ኣይኮነን። ቀጻሊ ሓደሽ- ሓደሽ እናምጻእካ ዋና ዘይብሉ ኢኻ ትገብሮ ማለት እዩ። እዚ ከኣ ሓደ ካብቲ ኣብ ክለሳ ናይ ካሪኩለም ዘለለናዮ እዩ። ብኡ መጠን ናይ ብሉጻት መምህራን ኢና ኣሎም ረጊእም ፈቲዮም ረዲዮም ክእለት ኣጥርዮም ነቲ ትምህርቲ ከም ናቶም ሒዞም ዝሰርሑ መምህራን ኣብ ምፍራይ ከኣ ክሰርሕ ከም ዘለዎ እዩ እቲ ገምጋማትና በጺሕዎ ዘሎ ነጥብታት። ስለዚ እዚ እቲ ኣብ ክለሳ ዝተረኸበ እዩ። እንታይ እዩ መደባትና ኣብ ዝብል ከኣ ብደቂቕ ክንዘራረበሉ ንኽእል ኢና።

**- ብዛዕባ ምሸታዊ ትምህርቲ ዝበሃል’ከ ሓብሬታ ክትህብናዶ ትኽእሊ፤**

እዚ ምሸታዊ ትምህርቲ ዝበሃል፡ እዚ ‘ኦልተርነቲቭ ሞር’ እንብሎ፡ ሓደ ሰብ ኣብ እቲ ስሩዕ ትምህርቲ ክመሃር እንተ ደኣ ዘይክኢሉ ወይ ብዘኾነ ምኽንያት ካብቲ ስሩዕ ትምህርቲ እንተ ደኣ ወጺኡ፥ ሰሪሑ እናሰርሐ ይውዕል፡ ኣብቲ ግዜ ምሸት ከኣ ኑብሱ ከማዕብልን ክፈልጥን ምሸታዊ ይመሃር። እዚ እዩ እቲ ዕላማ ናይ ምሸታዊ ትምህርቲ። ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ዝጠቐስክዎ፡ ዕድል ናይ ትምህርቲ ዝሓለፎም እዞም መደብ ዓርዮት እንገብረሎም፡ ዕድል ዝሰኣነ ወይ ብዘኾነ ምኽንያታት ናይ ቀትሪ ንኽመሃር ዕድል ዘይረኸበ ሰብ ምሸታዊ ትምህርቲ ንኽመሃር ዕድል ክረክብ ኣለዎ። ኣብዚ ናይ 35 ዓመታት ክንርኢ እንተ ደኣ ኬንና፥ ብፍላይ ኣብዞን ፈለማ 10 ናይ ናጽነት ዓመታትና እዚ ኹሉ ተጋዳላይ ናይ 2ይ ደረጃ ትምህርቲ ዘይወደአ ነቲ ኣብዚ ዝነበረ ህዝቢ’ውን ኣተጣቢዑ፥ እዚ ናይ ምሸታዊ ትምህርቲ ኣዝዩ ውዕዉዕ እዩ ነይሩ። ሕጂ ግን እዚ ናይ ምሸታዊ ትምህርቲ ከምኡ ኣይኮነን ዘሎ። እዚ ብዝተፈላለየ ክትንትኖ ይከኣል እዩ። ሓደ፡ እቲ ሰብ ዕድላት ናይ ትምህርቲ ይረኽብ ስለ ዘሎ እዩ። ምኽንያቱ ቀደም፡ እቲ ኣብ ሜዳ ዝነበረ ይኹን ኣብዚ ኣብ ትሕቲ ጸላኢ ዝነበረ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ዕድላት ናይ ትምህርቲ ኣይነበሮን። ስለ’ዚ ናይ ምሸታዊ ትምህርቲ ገይሩ ዕድላት ይረክብ ነይሩ። ሕጂ ግን ስሩዕ ትምህርቲ ይረክብ ስለ ዘሎ እቲ ሰብ፥ እዚ ዝበልክዎ ዝርገሐ እውን ስለ ዘሎ፥ ዝ ኣጉዳልዎ ዘሎ እዚ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ብተወሳኺ፥ እቲ ኩልና ንፈልጦ እዚ ናይ ሃገራዊ ዕማምና ከኣ ሰብ ኣብ ዝተመደቦ ተመዲቡ ሃገራዊ ዕማሙ ክገብርን ክፍጽምን ቀዳምነታትና ስለ ዝኾኑ እቲ ናይ ምሸታዊ ትምህርቲ ዝሐሉ ክኸውን ይኽእል። ከም ኣረኣእያ ግን፡ ናይ ምሸታዊ ትምህርቲ ዕድል ክህልዎ ኣለዎ ሰብ፥ ንኣብነት ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ዓረብ፥ ጥልያን፥ ፈረንሳ፥ እንግሊዝ ክትመሃር ትኽእል። ሰራሕካ እናሰራሕካ ክትመሃር ትኽእል። ንኣብነት ብገለ ዓይነት ትምህርቲ ወዲእካ ኣብ ህይወትካ ክትቅየር ትኽእል። እቲ ናይ ምሸታዊ ዕድላት ዝበሃል ሰርቲፍኬት ጸኒሑካ ናብ ዲፕሎማ ክትዓቢ ትኽእል። ንባዕለይ ኣነ ዲፕሎማ ክመሃር እንከለኹ ኤክስተንሽን እየ ተማሂረ። መምህር እየ ነይረ፡ ምሸታዊ ከኣ እመሃር ነይረ። ስለ’ዚ እቲ ዕድላት ምኽፋት ናይ ምሸታዊ ትምህርቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ምናልባት በቢዋዚኡ ብዋዕኡ እናጸናዕካ ዝኸየድናን ዝረኣናን’ኳ እንተኾኑ፡ ናይ ብሉጺ ከመይ ገይሩ’ዩ እቲ ሰብ ምሸታዊ ትምህርቲ ዝረክብ ክንሓስበሉ ኢና።

**- ጽቡቕ!**

ግን ሓደ ካብዞም ትምህርቲ ንዓበይትን ሜድያን ዝተጥፍኡ ዘለዉ፡ ምሸታዊ ትምህርቲ ዕድል ንዘረኸበ ሰብ ክህሉ’ዩ። ምሸታዊ ትምህርቲ ኣብ መባእታ፡ ማእከላይ 2ይ ደረጃታት ጥራይ ዘይኮነ፥ ዋላ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ዕድል ክህሉ ኣለዎ። ቀደም ኣብ ኣስመራ ዩኒቨርሲቲ ብኤክስተንሽን ኣዝዩ ብዙሕ ሰብ ይመሃር ነይሩ። ሕጂ ከኣ ኮለጃትናን ናይ ተክኒክ ኣብያተ ትምህርትናን፥ እዚ ዕድላት’ዚ ክኽፍታ ዝብል ኣብቲ ዘተ ንዘራረበሉ ኢና። ክሕሰበሉ ዘለዎ ጉዳይ እውን እዩ። ስራሕ ዝሓትት እዩ።

**- ዶ/ር ሓሊማ፥ እዚ ናይ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርትና ኣተሓሕዞዶ ምገለጽክልና፤**

ሕቶ ናይ ላዕለዋይ ትምህርቲ ምስ’ቲ ናይ ሚ/ሪ ትምህርቲ ጉዳይ ካብ መዋእለ ህጻናት፥ መባእታን ማእከላይ ደረጃን ብምትእስሳር ኢና ክንገልጾ እንኽእል። እቲ ናይ 2ይ ደረጃ ከኣ፥ ከም ሓደ ኮምሽን ተታሒዙ፥ ኮምሽን ናይ ላዕለዎት ትካላት ተባሂሉ እዩ ዝኸይድ ዘሎ። ብልክዕ ኩሉ ሕቶ ትምህርቲ ስለ ዝኾነ ግን፡ ኩሉ ኣብ ላዕለዋይ ትካላት ትምህርትን ሚ/ሪ ትምህርትን ዘሎ ናይ ስራሕ ሰነት ክሕየል ዘለዎ እዩ። እቲ ኣብ ኮለጃት ዝማሃር ዘሎ ትምህርቲ ከኣ፥ ነቲ ካብ መባእታ፥ ማእከላይ ደረጃ ዝመጽእ ዘሎ ተመሃራይ ራኢ ዝሀበ መታን ክኸውንን ክኽእልን ምስ ላዕለዋይ ትካላት ትምህርቲ ብሓባር ኴንና ክንሰርሕ ኢና። ብዝኾነ ኣተሓሕዛኡ በቲ ስለ ዝጸንሐ ግን፡ ብዙሕ ዝርዝራት ብዛዕባ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ክህብ ኣይክእልን እየ።

**- ኣብዚ ሕጂ እዋን ተገዲሰኩም ብቕዓትን ተመሃሮና፡ ኣብ ትምህርቲ እናጉደለ ዝመጽእ ዘሎ ኩነት ደስ ማእሳ’ሞ፥ እቲ ጠንቂ እንታይ ይኸውን ትብሊ ሚ/ር፤**

ብልክዕ እንተደኣ ርኢኻዮ ብመሰረት እቲ ዝነበርናዮ ገምጋማትን እውን ተገዲሰኩም ትምህርቲ ኣብ ተመሃሮና ይጉድል ኣሎ። ብዙሓት ጠንቅታት ክህልዉ ይኽእሉ እዮም። ምኽንያቱ፡ ኣብ ትምህርቲ ተመሃራይ ኣብ ክፍሊ ጥራይ ኣይኮነን ዝመሃር። ብዙሕ ነገራት እዩ ዝጸልዎ። ስለዚ እዞም ተመላላእቲ ነገራት ኣብ ተገዲሶም ተመሃሮ፡ ሕቶ ወለዲ ኣብ ምክትታል ደቆም ዝኣመሰለ ክህሉ ኣለዎ እምበር፥ ብቑዓት መምህራንና ኣብ ትምህርቲ ጥራይ እውን ኣይኮነን እቲ ምኽንያት። ሎሚ ምስ እዚ ኩሉ ኩነታት ናይ ትምህርቲ ኣተኣሳሰርካ ኣብ ትምህርቲ ሓሙሳ ሚእታዊት ደቂ-ኣንስትዮ እዮም። ደቀን ባዕለን ዝኣልያን ዝምህራን እውን እዮም። እንተኾነ ደገፍ ናይ ብዓል ቤተን እንተ ደኣ ተወሲኽዎ ከኣ እቲ መንፍዓት ኣብ ትምህርቲ ክሕይል ይኽእል እዩ።

**- ካልእ ምኽንያትከ፤**

ካልእ ኣብ ገለ-ገለ ቦታታትን ክፋላትን ሕብረተሰብ ናይ ኤርትራ ከኣ ገና እቲ ንቕሓት እውን ይጉድል እዩ። እዛ ዓንተቦይ ኣምጺኸያ ዝነበርካ ሕቶ ናይ ኮለጃት ኣተሓሕዛና፥ ሕቶ ብቕዓት መምህራንና፥ ኣብ ርእሲኡ ተገዲሰኻ ኣብ ምኽብኻብ ወለዲ’ውን ደቆም ኣብ ትምህርቲ ኣትኪሎም ክጽዕሩ ኣብ ምህናጽ እንተ ሰሪሕና፡ እቲ ብቕዓት ናይ ትምህርቲ ክመጽእ ይኽእል እዩ። ብፍላይ ኣብ ቀጽሪ እንግሊዝኛ ቋንቋ ኣደን ርኡይ ድኽም ጸኒሑ እዩ። እቲ ሚ/ሪ ትምህርቲ ብደረጃ ኣከባቢ፡ ዓለምናን ሃገርናን ዘውጽኦ ዝድለ መዐየሪ ኣይተበጽሐን ኣሎ። ዝ ንምፍዋስ እዚ ናይ ‘ታርል ኣፕሮች’ ንብሎ ክንሰርሓሉ ኢና። ‘ታርል’ ማለት ‘ቲቺንግ ኣት ዘ ራይት ለቨል’ ማለት እዩ። ተመሃራይ ነታ ዘሎቶ ሃንፍ ኣለሊኻ ምሕጋዝ ማለት እዩ። ልክዕ እዩ መምህራን መሰረታዊ ሓገዝ ይገብሩ እዮም። ኣብ ኣርብዓ ፈተና ወይ ድማ ካብ ሚእቲ ትሕቲ መሕለፊ ነጥቢ ዝዘምጽኡ ተመሃራይ እዮም ዝሕግዙ። እዚ ታርል እንብሎ ግን እንታይ እዩ፤ ኣብ ሓንቲ ክፍሊ ድኹማት ኢልካ ዝፈለኻዮም ተመሃሮ በበይኑ ዓይነት ጸገም ክህልዎም ይኽእል እዩ። ገሊኦም ገና ፊደላት ዘይመለኹ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ገሊኦም ምሉእ ሓሳባት ኣብ ምህናጽ ድኹማት ክኾኑ ይኽእሉ። ገሊኦም ናይ ምስማዕን ምርኣይን ናይ ምክትትታልን ጸገም ዘለዎም ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ሕጂ እዮም ድኹማት ዝበሃሉ በይኖም ፈሊኻ ‘ዋን ቱ ዋን’ ንብሎ ሓደ ብሓደ ፈተና ብጽሑፍ ጥራይ ዘይኮነ ናይ ቃል መዐቀኒ ኣሎ። ብኡ ፈቲንካ ኣብታ ጸገሙ ኣቲኻ ነቲ ተመሃራይ ትሕግዞ። ኣብ ዝመጽእ ዓመታት ብፍላይ ኣብቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ስለ ዝረኣ ጸቒጥና ክንሰርሓሉን ከተኣታትዎን ክንቅስብ ኢና። ነዚም ከፃዚኦም ኣብ መባእታ ዘለዉ ተመሃሮና ዝያዳ ሓገዝን ወፍርን ክንገብር መደብ ኣሎ።



**- ቀጻሊ ሚ/ር**

እቲ ሓደ ሕቶ ዘልዓልካዮ ነይሩ። እዚ ናይ ስተም ሕቶ እዩ። ሓደ መርሓ ጉድና ሮል ማፕ ኣርቂቕና ኣለና። ምናልባት ኣብ ዝመጽእ ዘሎ ወርሒ ሽወዓተ፥ ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላት ኢንዳስትሪ፥ ምሁራት ካብ ደገ፥ ኣብ ኮለጃትና ዘለዉ ምሁራት ብምርኻብ ክትዓት ክንገብረሉ ኢና። እቲ ክትዕ ምስ ተገብረ ከኣ ናይ መወዳእታ መልክዑ ሒዙ ሓደ መርሓ ጉድና ክኸውን እዩ ማለት እዩ። እዚ ክሳብ 2040 ዓ.ም ዝኸይድ ኣብ ስተም ዘተኮረ እዩ ማለት እዩ። ስተም ማለት፡ እዚ ናይ ሳይንስ፥ ቴክኖሎጂ፥ ኢንጂነሪንግ ከምኡ እውን ማትማቲክስ ዘጠቓልል ማለት እዩ። ቅድሚ ሕጂ ኣብቲ ካሪኩለም ይወሃብ ኣይነበረን ማለት ኣይኮነን። ኣብ ክንዲ በበዓይነቱ ፋሕ ዝብል፡ ከመይ ገይሩ ብዝተወሃሃደ መልክዑ ይቐርብ ዝብል ሕቶ ዝመጽአ እዩ። ብዓብኡ ኣብቲ ካሪኩለምና ክንክልሶ ስለ ዝኾነና፡ ከመይ ገይሩ ይኣቱ ክንሰርሓሉ ኢና። ኣብ ርእሲኡ እዚ ናይ ፖሊቲክ ክሳብ ኮለጃትና ዘጣመረን ዝኸይድን ክሳብ ናይ ዲግሪ ማስተርስ ክምዕበል እዩ ተሓሲቡ ዘሎ ኣብቲ ሮድ ማፕ፣ ኣብ ሓደ ግዜ ክበጽሕ ኣይክእልን እዩ። እቲ ኣንፈትና ግን ናብኡ ገጹ እዩ። ዋላኳ ሞያ ዓቢ ወጻኢታት ዝሓትት እንተኾኑ፥ ከመይ ገይርና እዚ ናይ ቀለም ተመሃራይና ናብ ናይ ሞያ ክእለት ዘለዎ ነምጽኦ ስራሕ ክድሊ እዩ። ከመይ ገይርና እዘን ዘለዋ ናይ ሞያ ማእከላትና ነዕብየን ክንሰርሕ ኣለና። ብዘይ ብኡ ግን እቲ ካሪኩለም ከመይ ገይሩ እቲ ናይ ቀለምን ሞያን ተወሃሂዱ ክኸይድ ከም ዘለዎ ዓቢ ስራሕ ዘድልዮ ጉዳይ እዩ። ኣብ ስራሕ ከኣ ኣለና። እዚ ናይ 15 ዓመት ዝኸውን ተታሒዙ ዘሎ መደባትና እዩ። ኩብረት ይሃበለይ።

**የቐንየልና!**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ሮ ኣሚና ተኽስተ ተወልደብርሃንን ተኸሰስቲ ኣቶ ዳዊት ገ/ስላሴ ገእግዚኣብሄር 2. ወ/ሮ የዲት ተኽለዝጊ ተኽለማርያምን ዘሎ ናይ ሺየጥ ገዛ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልክም ስለ ዘሎ፡ ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ኣብ መንጎ ከሳሲ ኣቶ ተስፎም ርእሶም ደባሱ፡ ወረ/ፍሩሬት ለተሚካኤል ገብረሚካኤል ዝኾኑ 2.1 ኣቶ ጉዕም መንግስቱ፡ 2.2 ኣቶ ቴድሮስ መንግስቱ፡ 2.3 ኣቶ ኣርኣያ ገብረሚካኤል 2.4 ወ/ሮ ፍትግ መንግስቱ፡ 3. ወረ/ነ/ሄሪት ኣብርሀት መንግስቱ፡ 3.1 ኣቶ ሰመረ ጎይትኦም 3.2 ኣቶ መብራህቱ፡ ጎይትኦም 3.3 ኣቶ ጸጋይ ጎይትኦም 3.4 ወ/ሮ ፍረወይኒ ጎይትኦም 3.5 ኣቶ ዳዊት ጎይትኦም 3.6 ኣቶ ብርሃ ጎይትኦም ዘሎ ናይ ስም ምትሕልላፍ ናይ ገዛ ጉዳይ፡ ተኸሳሲ ቁ.1 ኣቶ ሳሙኤል ዳዊት ሃብቶም ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/06/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ/41 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ከሳሲ መሉጌታ የውሃንስ ደሞዙ፡ ተኸሰስቲ 1. ሓዳስ የውሃንስ ደሞዝ 2. ዘውዲ የውሃንስ ደሞዝ 3. ትብለጽ የውሃንስ ደሞዝ 4. ኣሰናይ የውሃንስ ደሞዝ 5. ወይኒ የውሃንስ ደሞዝ 6. ኣብርሃም ብርሃ 7. ሰላም ብርሃ 8. ማርያም ብርሃ 9. ለተዝጊ ብርሃ 10. ማእዛ ብርሃ 11. ኤደን ብርሃ 12. ሃና ብርሃ 13. እሌክንደር ብርሃ 14. ቶማስ ብርሃ 15. ኢሳያስ ተስፋይ 16. ሰናይት ተስፋይ 17. ፋሲል ተስፋይ 18. ኤዞና ተስፋይ 19. የሴፍ ምሕረትኣብ ሰለሙን 23. ሳራ ተስፋልደት ሰለሙን 24. ኣዶናይ ዳኒኤል 25. ቢንያም ሃይለ 26. ዳዊት ተወልደ ሰለሙን 27. ሰሰና ተወልደ ሰለሙን 28. ናህም ተወልደ ሰለሙን 29. ሙሴ ተወልደ ሰለሙን 30. ሄኖክ ሃይለ ሰለሙን 31. መዝገት ሃይለ ሰለሙን 32. ሕርይቲ ሃይለ ሰለሙን፣ ብኸሳሲ ወራ/ፍ/ ሄር ኣበባ ሰለሙን ሓጎስ ኣቶ መሉጌታ የውሃንስ ደሞዙ፡ ንምቅሊት ውርሲ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን9/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕ/እኽሊ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም ጉዳይኩም ኣብዘለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡ ተወሳኺ ንዝኸሰስቲ ቁ/ 4.5 ጳውሎስ ምሕረትኣብ ሰለሙን 4.6 ዳናይት ምሕረትኣብ ሰለሙን 6.1.2 ት/ዕድመ የታም ዳኒኤል ሃይለ ብወላዲቱ ኣብርሀት ዘሙይ 6.3 የዲት ሃይለ ሰለሙን 6.4 ሚሮን ሃይለ ሰለሙን 6.8 ልዋም ሃይለ ሰለሙን 7.1 ቢንያም ተወልደ ሰለሙን፡ መዘዙብ መልሲ ንምቕባል ን09/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ።

ዘርኣ ተወልደ ጎጹ፡ ሓፍተይ ፍ/ሄሪት ምሕረት ተወልደ ጎጹ ስለዝዮረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/07/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ/49 ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ኤደን ሃይለሚካኤል ሃብተ ንርእዩ ምግል ተረፉ፡ ኤደን ሃይለሚካኤል ሃብተ ወልደጋብር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን09/07/2026 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ቅዱሳን ተኽለይ ሃብተማርያም፡ ብዋል ቤተይ ገብራይ ኣብርሃም ጎደፋይ ስለዝዮረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ደረጋግጸለም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ብፍ/ብ/መሰል ኣብርሃም ተሰሞ፡ ብፍ/ብ/ ዕዱ ርግበ ኣርኣያ +5፣ ናይ ፈጻሚ ክሲ ቀሪቡልክም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ከሳሲ ካሕሳይ ተኽለ ሊባኖስ ተኸሳሲ ትካል በዩን ታይምስ ሓዝቦማ ኣካይዲ ስራሕ ኣቶ ሰዩም በዩን፡ ኣድራሻኻ ኣይተፈልጠን፡ ውዕል ማሾጣ ER-B-A3280 ብዕለት 16/02/2026 ዝፈጸምናዮ ናይ ስም ምስግጋር ክዝብረለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን22/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ያለም ኣፈወርቂ ኣርኣያ ምግል ተረፉ፡ ኣለም ኣፈወርቂ ኣርኣያ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

ዓምር ስሌማን መሰሎም ምግል ተረፉ፡ ዓምር ሳልማን መሰሎም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፋጥና ኣመር ዓሊ መሓመድ ሳልሕ፡ ምግል ተረፉ፡ ፋጥና ዑመርዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ሴም መድረኽ ሃይሉ፡ ሰም ኣደይ ሳባ ኣለም ተስፋይ ምግል ተረፉ፡ ኣለም ተስፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣብበከር መሓመድ ማሕመድ ምግል ተረፉ፡ ኣብብከረ ማሕሙድ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብስም ፍረወይኒ ሃብተ መሓሪ ዝተመዝገበ፡ ብቁ.ፍ.ዋጊን ASL00043152 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና 176-14 ቁ.ገዛ 22 ዝርከብ ናይ መጋረጃን ምንጻፍን ናይ ሳሎን መሰፊይን መሸጥን ትካለይ፡ ንወ/ሮ ዛህር መሓመድዓሊ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማይተመናይ ጎደና ደንቦ ቤት ቁ/ገዛ 239 ካብ ዕለት 21/04/2026 ክሳብ ዕለት 20/04/2028 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤርት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይቲይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝጉባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ፍረወይኒ ሃብተ መሓሪ

ኑቲ ኣብ ዞባ ማእከል ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ጸጸራት (ዞባ 5 ምም/02 ነቦ) ዝርከብ፡ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቁምስክር ወረቐት 110609 መወከሲ ቁጽሪ 134673 ብስም ኣፍ/የማነ ኣርኣያ ባይሩ ዝተመዝገበ ገዛ፡ ብዘረጋገጽናዮ ውርሻ መሰረት፤ ናብ ስምና ክሙሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤ/ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦሪጅናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጸም ምዃንና ንሕብር።

ወኪል መርሃዊ የማነ ኣርኣያ

ብስም መሓመድ ሰዒድ ሱሌማን፡ ኣብ ከባቢ ምም/ ቲራቨሎ ዚፕ 1A746 ፕሎት 32 ፓርሰል J ጎደና ድነብድነብ ስፍሓት 867 ት/ሜ ብቁጽሪ ምዝገባ ንብረት 1BRASM019646 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ብመሸጣ ናብ ዓደግቲ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ፡ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦሪጅናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምዃነይ እሕብር።

መሓመድ ሰዒድ ሱሌማን

ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዒላበርዕድ

ደርግኣለም ኣረጋይ ተምንዎ፡ ብወላዲየይ ኣቶ ኣረጋይ ተምንዎ ዝተጉብረለይ ወህብቶ ናይ ቤት መስተ ንግዲ ፍቓድ (ባር) ኣብ ንኡስ ዞባ ዒላበርዕድ መብቆል ዓደይ ዋስደምባ ዝፍለጥ ዘሎ፡ ናይ 2026 ዝተሓደሰን ቁ/ልቸንሳ KEL 00012504፣ ክጸድቀለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ኣደም ዑመር ኣኑር፡ ተጸዋዒ ኣቶ ሓምድ ሳልሕ ዑመር፡ ናይ ገዛ መኪና ቶዮታ ሃይለክስ ሲ/ካቢ ስርሓት ጃፓን ቁሰ ER-1-C 6916 ዝተሰርሓትሉ ዓመት 2004 ቁ/ቻሲ JTFMM 42645000594111 ቁ/ማ -3821889807 ካብ ተጸዋዒ ኣቶ ሓምድ ሳልሕ ዑመር ብዕለት 12/02/15 ዓ/ም ብዝፈጸምናዮ ውዕል መሸጣ፡ ብዋጋ 100.000 (ሚእቲ ሽሕ ናቕፋ) ሽይጡለይ ምሉእ ገንዘቡ ከፊለዮ መኪና ዋንነት ደብዚባ (ደዝርቶን) ኣረኪቡኒ ዋንነት ስም ክየመሓላለፈለይ፣ ሕጂ ግን ዋንነት ስም ምትሕልላፍ ክጉበር ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል 8/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ነጋርኣብ ዑቕባትንሳኤ ከ:ዓ፡ ተጸዋዒ ኣቶ ተኽለማርያም ገብረንጉስ ናይ ሰቪል ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ ቱሪዝም፡ ኣብ ኣስመራን ባጽዕን ንዝርከባ ሆቴላት መንግስቲ (እምባሶይራ/ ሓማሴን፡ ንያላ፡ ሰንትራል ኣስመራ፡ ገርግሱም ቢች ሆቴል፡ ሬድሲን ሰንራል ሆቴል ባጽዕን) ክሳብ 31/12/2026 ዝጸንሕ ቀረብ ስጋ፡ ኣሕምልትን ፍረታትን እንቋቑሖን ከቕርቡ ንዘኽእሉ ሕጋውያን ነጋዶ ንጨረታ ንዕድም።

ተሓረትቲ ክማልእዎ ዘለዎም

* ናይ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድን ናይ 2024 መረጋገጺ ካብ ዕዳ ነጻ

* መኽበሪ ጨረታ 10,000.00 (ዓሰርተ ሽሕ) ናቕፋ ብCPO የትሕዙ።

* ተሓረታይ ሃገራዊ ግቡኡ ዝፈጸመ ወይ ዘይምልከቶ ክኸውን ይግባእ።

*ምልክታ ጨረታ ካብ ዝወጸሉ ግዜ ጀሚሩ ን10 ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ሰነድ ጨረታ

(መግለጺን ዝምላእ ቅጥዕን) ኣብ ኣስመራ፡ ኣብ ደንበ ሰምበል (እንዳ ኮርያ) ዝርከብ ህንጻ ሚኒስትሪ ቱሪዝም ቤ/ጽ ምም/ሆ/መንግስቲ፡ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ዘይምለስ ናቕፋ 50.00 (ሓምሳ ) ብምኽፋል ክውሰድ ይከኣል።

* ጨረታ ድሕሪ ምዕጻው ቀጺላ ኣብ ዘላ ናይ ስራሕ መዓልቲ፡ ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ተሳተፍቲ ወይ ወኪል (ውላድ፡ ወላዲ፡ ብዓልቲ ቤት) ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ህንጻ ሚኒስትሪ ቱሪዝም ቤ/ጽ ምም/ሆ/መንግስቲ ይኽፈት።

* ሚኒስትሪ ቱሪዝም ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ብምሉእ ይኹን ብኽፈል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሚኒስትሪ ቱሪዝም

## ምልክታ ንደለይቲ ስራሕ

ትካል ገመል ህዝባዊ መጉዓዝያ ብርኪ ማሕበር፡ ስራሕተኛታት ክቖጽር ስለ ዝደለየ፣ ግዱሳት ኣመልከቲ ይዕድም።

1 1 መደብ ስራሕ—— ሓላፊ ኦፕረሽን

2 ደረጃ ትምህርቲ———ብኣውቶ መካኒክ ካብ ተክኒካል ስኩል ዝተመረቐ

3 ብዝሒ——— 01 ( ሓደ)

4 ተመኩሮ———ካብ 05 (ሓሙሽተ) ዓመት ንላዕሊ

5 ደሞዝ—— ብስምምዕ

6 ቦታ ስራሕ—— ፓራዳዘ ራዳር ኣስመራ

1 1 መደብ ስራሕ——ሰክረታሪ

2 ደረጃ ትምህርቲ——ካልኣይ ደረጃ ዝወድኣት ኩሉ ኣፕሊኬሽን ኮምፕዩተር ትመልኽ

3 ብዝሒ———01 (ሓደ)

4 ተመኩሮ———ካብ ሰለስተ (03) ዓመት ንላዕሊ

5 ደሞዝ————ብስምምዕ

6 ቦታ ስራሕ———ፓራዳዘ ራዳር ኣስመራ

መተሓሳሰቢ፦ ኣመልከትቲ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝፈጸሙ ወይ ዘይምልከቶም ምዃኑ መረጋገጺ የቕርቡ። ተወዳደርቲ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 10 (ዓሰርተ) ናይ ስራሕ መዓልታት ኣድላይ ሰነዳት (C.V) ሒዞም ኣብ ቤት ጽሕፈት ራዳር ጥቓ ቤት ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ሓፈሻዊ ክተመልክቱ ንሕብር።

ንዝያዳ ሓበሬታ ቁ.ስልኪ 08373002 ወይ 07183958 ክትድውሉ ትኽእሉ።

# Vacancy Announcement

Rida Engineering and Construction Co. Ltd. is seeking qualified professionals for the Kerkebet North Project.

**Position**

## 1. Geologist

- Number of vacancies :- 06
- Place of work: Kerkebet North
- Salary: as per company scale
- Type of contract: Indefinite

**Experience**

- **Minimum 04 years' Experience in geological activities.**

**Responsibilities**

a. Develop new methods for geological analysis and data collection with the least harmful environmental impact.

b. Analyze geological, geochemical and geophysical data collected by tests and surveys.

c. Manage sampling and reports from apprentice geologists and provide purposeful feedback and recommendations.

d. Design of topographical and geological maps.

e. Provide geological assessments and advice to governments and construction companies.

f. Learn innovative and modernized methods of geological work by attending workshops and courses.

g. Ensure that workers are compliant with health and safety regulations.

h. Deliver pertinent feedback and insight into work projects to management through regular meetings.

i. Conduct frequent training sessions with staff regarding investigations and data interpretation.

**Requirements:**

- BSc Degree in Geology, Earth science or related field.
- Extensive experience in fieldworks within the mining Industry.

## 2. Laboratory Technician

- Number of vacancies :- 02
- Place of work: Kerkebet North
- Salary: as per company scale
- Type of contract: Indefinite

**Experience**

- **Minimum 0-02 years' Experience in sample preparation activities.**

**Responsibilities**

a. Monitor chemical processes and test the quality of products to make sure that they meet standards and specifications.

b. Set up and maintain laboratory instruments and equipment.

c. Troubleshoot production problems or malfunctioning instruments.

d. Prepare chemical solutions.

e. Conduct, compile, and interpret results of chemical and physical experiments, tests, and analyses for a variety of purposes, including research and development.

f. Prepare technical reports, graphs, and charts, and give presentations that summarize their results.

g. Apply health, safety and environmental measures.

**Requirements:**

- BSc Degree in Geology, Earth science or related field.
- Extensive experience in laboratory works.

## 3. Admin & store keeper

- Number of vacancies 01
- Place of work: Kerkebet North
- Salary: as per company scale
- Type of contract: Indefinite

**Experience**

- **Minimum 04 years' Experience in camp management and office order.**

**Responsibilities**

a. Performs maintenance and repairs on camp facilities including plumbing, painting, carpentry, cleaning, and electrical duties.

b. Plans menus, prepares food supply orders.

c. Makes arrangements for disposal of garbage.

d. Assumes responsibility for checking in and out camp grounds and non-camp groups and maintenance of records.

e. Supervises and orients camp counselors.

f. Assumes responsibility for daily camp cleaning and disposal of garbage.

g. Assumes responsibility for inventory and ordering of recreational equipment and supplies.

h. Manage the stores of food and spare parts and fuel and control the stock of received items and conduct regular inventory.

i. Aids in the evaluation of camp programs and personnel.

j. Apply quality and health and safety and environmental approved policies and procedures.

k. Tracking stock levels, conducting physical counts, reporting discrepancies, managing stock rotation (FIFO), and coordinating disposal of surplus/expired goods.

l. Unloading, inspecting, tagging, shelving new deliveries, and preparing goods for dispatch.

m. Maintaining accurate records of all stock movements, receipts, and transactions.

n. Keeping the store/warehouse clean, safe, and well-organized, ensuring easy access to items.

Continued on page 8

ምልክታ
ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

Continued From page 7

**The Requirements:**

- BSc Degree in management, Economics or related fields.
- Knowledge about admin, Inventories , Accounting and Documentation.

## 1. Drilling supervisor

- Number of vacancies 01
- Place of work: Kerkebet North
- Salary: as per company scale
- Type of contract: Indefinite

**Experience**

- **Minimum 3-6 years' Experience in geological field works and drilling principles.**

**Responsibilities**

a. **Safety & Compliance:** Enforce strict safety regulations (HSE), conduct safety meetings, train personnel, and investigate incidents.

b. **Operational Management**: Supervise daily drilling, manage the crew, and ensure operations meet project timelines and specifications.

c. **Planning & Coordination:** Work with drilling superintendent to implement plans, coordinate logistics (materials/personnel), and manage the drilling site..

d. **Equipment Oversight:** Monitor machinery, schedule maintenance, and ensure equipment is fit for purpose, minimizing downtime.

e. **Reporting & Documentation:** Prepare accurate daily reports, cost records, and real time data for management.

f. **Problem Solving**: Identify and resolve operational challenges like stuck pipe or tight holes to maintain efficiency.

**The Requirements:**

- BSc Degree in Geology, Earth science or related field
- Extensive experience in drilling supervision works within the mining Industry.

## 2. Mechanic

- Number of vacancies :- 01
- Place of work: Kerkebet North
- Salary: as per company scale
- Type of contract: Indefinite

**Experience**

- **Minimum 04-08 years' Experience in technical maintenance.**

**Responsibilities**

a. Under take Technical affairs.

b. Handle PMS and hold records.

c. Responsible for maintenance of machinery and Vehicles.

**The Requirements:**

- Diploma / Certificate of vocational Institute.
- Practical experience and knowledge about mechanics and heavy machinery relates technical principles.

**General Information and other requirements:**

Place of work: Kerkebet North

Salary: as per company scale

Type of contract: Indefinite

**Additional requirement for Nationals**

Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense

Candidates must be medically and physically fit.

Present clearance paper from current/last employer

Testimony documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of National ID etc.)

Only short listed candidates will be considered as potential candidates for an interview.

Application documents will not be returned to the sender.

Applications should be sent to the addresses provided below.

Dead line for application: 15 days from the day of publication in the newspaper.

Address:

Interested candidates should submit their detailed resume, including relevant work experience and qualifications, to **SA Building Office (Al Hashmi Building) No. 803** during working hours.
Tel: 112927, Fax: 07528434

**Note to Eritrean Applicants: please send copy of your application to:**

1. Aliens Employment Permits Affairs,

   P.o.box 7940

   Asmara, Eritrea.

2. Mineral Resources Management

   P.o.box 272

   Asmara, Eritrea.

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብሪኤል

ሳልሳይ ክፋል

## ጽፈት ስራሕ

*"ዝሰልጠኑ ሰባት ብመሰረት ሕጊ ዘለዉ ኩነታት ይወስኑ፡፡ ዕዉታት ሰባት ብመሰረት ኣብዮ ደረጃ ክጽሕፉ ከም ዝደልዩ ይወስኑ፡፡" -* ***ቤንጃሚን ሃርዲ***

*"ድምጸኻ ኣጥፊእካ ኣብርክቶኻ እንተ ሰራሕካ ዓወትካ ብልዑል ደምጺ ባዕሉ ክዛረብ እዩ፡፡" -* ***ፍራንክ ኦሻን***

ገለ ዕዮታት ብፍሉይ ኣብ ስራሕ ከም እትጽመድ (busywork) ዝገብሩኻ ኣለዉ፡፡ ከም እዚኦም ዓይነት ዕዮታት፡ ንኹሉ ግዜኻ እዮም ጸሚዶም ዝሕዙኻ፡ የግዳስ ኣብ ፍርያት ትካልካ ብዙሕ ዘምጽእዎ ለውጢ የብሎምን፡፡ ገለ ካብ እዮም ከምዚኦም ዓይነት ስራሓት፡ ኣብ ዘየድልዩ ሰኣናት ክትኣቱብጥ ምውዓል፡ ብዘይዝኸፍነ ንጹር ኣጀንዳ ኣኼባታት ምስልሳል፡ . . . ክጥቀሱ ይኽእሉ፡፡

መብዝሕትኦን ጽፉፋት ትካላት ዝበሃሉ፡ ዚ ጸገም እዚ ኣቐዲመን ስለ ዝቕሓላ፡ ግዜኣን ብቐሳሞላ ከሕልፍኦ ኩዩ ፍቓደኛታት ኣይኮናን እየን፡፡ ኣብ ስራሕ ነፍሲ ወከፍ ካልኢት ናታ ዋጋ ኣለዋ፡፡ ካልኢታት ተደሚረን እኮ እየን ደቓይቕ ዝኾና፡፡ እቲ ንደቓይቕ ዘስተናዕቕ ሰራሕተኛ፡ ንሰዓታት ከስተናዕቕ ጸገም የብሉን፡፡ ኣብ መጠረሽታ ግዱ እቲ ትካል ምስ ጠፊሸ እቲ ሰራሕተኛ እዩ ግዳይ ዝኾውን፡፡

ሓደ ትካል ንኽብሪ ግዜ ብግቡእ ዝርዳእ እንተ ኾይኑ፡ ንኽብሪ ዓማዊሉ ኣብ ምርዳእ ጸገም ክህልዎ ኣይክእልን እዩ፡፡ ኑቲ ቐንዲ ስርሑ ገዲፉ፡ ኣብ እዮም ዝኾነ ፍርያት ዘይርከቦም ዕዮታት ዝዝልኽ እንተ ኾይኑ ግዱ ብፍላጥ ደዩ ብዘይፍላጥ ንዓማዊሉ ክብሪ ኣይህብን እዩ፡፡

ኣብ እቲ ቐንዲ ስራሕካ ዘይምትኩር ዘይጽፉፍን ዘይብቑዕን እዩ ዝገብረካ፡፡ ዘይብቑዕ ክንብል እንከለና፡ ንትካልካ ምስ እቲ ግዜ ዝጠልቦ ክእለት ከም ዘይዓጥቕ ክትገብር እንከለኻ እዩ፡፡ ዘይጽፉፍ ማለት ግዱ ክእለት እናሃለወካ ብዘይግቡእ ስራሕካ ዘይምዕማም እዩ፡፡

ካብ ከምዚ ዓይነት መጻወድያ ንኽትወጽእ፡ ንናይ ገዛእ ርእሰኻ ወይ ናይ ጉጅለኻ ስራሕ ኣብ እትግምገመሉ፡ ንድርኺት ምስ ውጽኢት ኣወዳድሮ፡፡ ብመሰረት ሕጊ 80/20፡ እቲ 80% ውጽኢት ናይ ነፍሲ ወከፍ ፍጻመ ካብ 20% ናይ ኩሉም ግብኣት (input) ዝርከብ እዩ፡፡



እዮም ንፉዓት ኣካየድቲ ስራሕ፡ ንብዕሉዮም ዝኾነ ግዜ ንሽንቱ ከባኽኑ ኣይወሓጠሎምን እዩ፡፡ ጉጅለኦም ተመሳሳሊ ርድኢት ንኽህልዎም ከኣ፡ ብኹሉ ዓቕምኻ ተወፊኻ ተሓጋገዞም፡፡ ንሽኻ ዘየድሊ ኣኼባ ብምግባር ግዜኦም ዘይተጠቕሙሎም እንተ ኾንካ፡ ንሳዮም ከኣ ንዓማዊል ክብሪ ግዜኦም ኣየጥቕሙሎምን እዮም፡፡

ኣገዳስነት ጽፈት ስራሕ ኣብ ሕቶ ምልክት ዝኣቱ ኣይኮነን፡፡ ጽፈት ስራሕ ከተረጋግጽ ክትብል፡ ፍጹም ክትከውን ምሕላን ግዳ ናቱ ሳዕቤን ክህልዎ ይኽእል እዩ፡፡

ፍጹም ስራሕ ንምቕራብ ልዕሊ ንቡር ግዜ ትመጥጥ እንተ ደኣ ኾንካ፡ እዮም መውዳድርትኻ ትካላት ኣብ ዕዳጋኻ ኣትዮም ክሻመዉኻን ካብ ጸወታ ወጻኢ ክገብሩኻን ይኽእሉ እዮም፡፡ 'ሽላ ኣሉ፡ ቀሊባ ኣሉ፡ . . .' ከም ዝበሃል፡ ንጽፈት ስራሕካ ኩሉ ግዜ ምስ ስሉጥነት ከተተኣሳስሮ እምብዛ ኣገዳሲ እዩ፡፡

ግዜ ንኹሉ ነገር እዩ ዝኸለ፡፡ ግዜኻ ብግቡእ ካብ ምጥቃም እንተ በኺርካ፡ ምድንጓያት ይኸሰት፡፡ ስራሕካ ዝያዳ ንምውርዛዝ ብምሕላን ፍጹም ክትከውን ምህላኽ ንባዕሉ፡ ዘይተደልየ ምድንጓያት ይፈጥር፡፡ ምስ ግዜ ክትቀዳደም ክትብል ንስራሕካ 'ኣይብለዕ ኣይሰለዕ' እንተ ገይርካዮ እውን፡ ዓማዊልካ ንሓዋሩ ክሃድሙኻ ይኽእሉ እዮም፡፡

ኣብ እዛ ቀጻሊ እትለዋወጥ ዘላ ዓለም፡ ናትካ ምትዕጽጻፍ እምበረ ማጠን ኣገዳሲ እዩ፡፡ ኣብ ዓውዲ ዋኒን ይኹን ኣብ ካልኦት ሞያታት ተጸሚድካ እንተ ሃሊኻ፡ ዘይምትዕጽጻፍካ ንሓዋሩ ክሰብረካ ከም ዝኽእል ኣብ ግምት ምእታዉ ኣገዳሲ እዩ፡፡

ንጡፍ ወይ ንቑሕ (agile) ምኻን ማለት ንዘለዋወጥ ኩነታት ወይ ሓደሽ ሓበሬታ ክትርድም ምድላውካ ምጽፋፍ እዩ፡፡ ዚ ንኽተማልእ ነዞም ዝስዕቡ ከተሰላስል ትጸቢት ይግበረልካ፦

- ካብ ልምዲ ተበጊስካ ጥራይ ንእትሰርሖም እለዮም፡፡
- ዳታ ወይ መረዳእታ መሰረት ዝገበረ ውሳነ ወሰድ፡፡
- ብቕልጡፍ ሓደስቲ ኣገባባት ከተታኣታቱ ሃቕን፡፡
- ዙሓሽ ስራሕ ከተበርክት እምበር፡ ፍጹም ስራሕ ንምብርካት ኣይትህለኽ፡፡
- ጻዕርታት ንምውህሃደን ብስሉጥ ለውጢ ንምትእትታውን ክፉትን ግሉጽን ምትሕግጋዝ ጉጅለኣዊ ኣሰራርሓ ኣማዕብል፡፡

ንሓደ ነገር ክትሰርሖ ስለ እትኽእል ጥራይ፡ ግዜኻ ወፊኻ ክትሰርሖ ኣለካ ማለት ኣይኮነን፡፡ ምስ ስራሕ ኣባላት ጉጅለኻ ዘይሳነ ስራሕ፡ ካብ ምስርሑ ዘይምስርሑ እዩ ዝምረጽ፡፡ እቲ ምንታይሲ፡ ንግዜን ጸጋን መሳርሕትኻ ዘጥፍእ ክኾውን የብሉን፡፡ ኣብ ከምዚ ኩነታት ንቕዳምነታት ኣባላት ጉጅለኻ ከም ዝሰነ ምምሕዳር ዝመሳሰልዎ የለን፡፡

ግደ ሓቂ፡ ከምዚ ክትገብር ቀሊል ኣይኮነን፡፡ ባህርያት ናይ ሰባት ከም መልክዖና እተፈላለየ ስለ ዝኾኑ፡ ኣብ እቲ እንሰርሖ ቀዳምነታት እውን ክንፈላለ ንኽእል ኢና፡፡ ዚ ናይ ኣባላት ጉጅለ ቀዳምነታት ኣብ ሓደ ንምስማር እምበር፡ ጥዑብ እምበር ሓይሊ ምጥቃም ኣየድልን እዩ፡፡

ቀዳምነታት ክበሃል እንከሎ፡ ኑቲ ህጹጽ ዘይኮነ ዕዮ፡ ኣይፋል ክትብል ምኽኣል እዩ፡፡ በዚ መሰረት ከኣ፡ ንኣደህቦ ኣባላት ጉጅለኻ ናበይ ክቐንዕ ከም ዘለዎ ክትመርሖ ትኽእል፡፡ ዚ ቀሊልን ካብ ጸቕጢ ሓራን ክትገብሮ እንተ ደኣ ደሊኻ፡ ምስ ነፍሲ ወከፍ ኣባል ጉጅለኻን መሳርሕትኻን እሂን ምሂን ተበሃሃሉ፡፡ ኣብ ግቡእ ግዜ ድማ መልሲ ሃቦ፡፡ ከም ወጽኢቱ፡ ኩሉም መሳርሕትኻ ብቕንዕናኻን ተወፋይነትካን ኣደናቒቶም ክገልጹልካ እዮም፡፡

## ጓህሪ ፍርሒ

ንሓዊ ዝያዳ ከተቃጽሎ እንተ ደሊኻ፡ ዝያዳ ኦክሲጅን ከም ዝረክብ ኢኻ እትገብሮ፡፡ እወ ብዙሕ ንፋስ ምእንቲ ክረክብ ጸቡቕ ገይርካ ከተንበድብዶ ኣለካ፡፡ ብመንጽሩ፡ ከተጥፍእ እንተ ደሊኻ ኦክሲጅን ከም ዘይረክብ ክትገብሮ ኣለካ፡፡

ንፍርሕኻ ከተጥፍእ እንተ ደሊኻ እውን ተመሳሳሊ ስጉምቲ ኢኻ ክትጥቀም ዘለካ፡፡ ንፍርሕኻ ኦክሲጅን ኩይኑ ቃልቃል ዘብሎ እንታይ እዩ ዚ እንተ ፈሊጥካ፡ ካብ እቲ 'ኦክሲጅን' ኢኻ ክትፈልዮ ዘለካ፡፡ ንፍርሕኻ ክትቈጻጸሮ እንተ ኽኢልካ ድማ ኣብ ስራሕካ ዝበለጸ ስጉምቲ ኣብ ምውሳድ ኩዩ ኣይትሰንፍን ኢኻ፡፡ ንጓህሪ ፍርሕኻ እንተ ዘጥፊእካዮ ግዱ ቀጻሊ እናሉበለበካ እዩ ዝኸብር፡፡

ንፍርሕኻ ክትቅልቦ ዘይኮንካ ዘለካ፡ ንፍርሕኻ ክትዘብልዮ እዩ ዝጥዕም፡፡ ንፍርሕኻ ክትቅልቦ እንተ ጀሚርካ ልዕሊ ዓቕምኻ ይዓቢ እሞ፡ ተመሊሱ ንዓኻ እዩ ዘሕርረካ፡፡

ኑቲ ኣብ ወሽጥኻ ዝዋጻእካ ፍርሒ ዕሽሽ ኣይትበሎ፡፡ ፍርሒ ምህላው ኣይጸላእን እዩ እቲ ምንታይሲ፡ ካብ እቲ ክትድኣካ ዝኽእል ነገር ከም እትርሕቕ ክገብረካ ስለ ዝኽእል፡፡ ዘይምኽኑይን ዝተጋነነን ፍርሒ ግዱ ንሓዋሩ ለሚሱካ ከም እትተርፍ ክገብረካ ይኽእል እዩ፡፡

ዕዉታት ሰባት ንፍርሖም ብዘይግቡእ እዮም ብጽወታዊ ሸነኽ ዝጥቀምሉ፡፡ ንሳቶም ንፍርሖም ከወግዱ ክብሉ ጥራይ ምስ ግዜ ተቐዳደምም፡ ኣዝዩ ብሉጽ ዕዮ ከበርክቱ ኣይእግሞምን እዩ፡፡ ንሓደ ዕዮ ቀልጢፎም ማለት ኣብ ምዱብ ግዜኡ እንተ ዘይዛዚሞሞ ካልእ ክሰራ ከየምጽኣሉሎም ፍርሒ ስለ ዘለዎም፡ ብትግሃት ንኽሰርሑ ልዑል ድርኺት ይፈጥረሎም፡፡

እቲ ፈራሒ ዘይፈልጥ ሰብ፡ ሓደሽ ስጉምቲ ኣይወስድን እዩ ማለት እዩ፡፡ እቲ ኩንደኾናዊ ስጉምቲ ካብ ምውሳድ ድሕር ዘይብል ሰብ፡ ፍርሒ ክሰምዖ ናይ ግድን እኮ እዩ፡፡

እቲ መብዝሕትኡ ሰብ ደቂሱ እንከሎ፡ ንሱ ወጋሕታ ተንሲኡ ናብ ስራሑ ዝወፍር ዕወት ሰብ፡ ኣብ መንገዲ ገለ ነገር ከየጋጥሞ ክፈርሕ ይኽእል እዩ፡፡ እቲ ምስ ረፈደ ድቃሱ ጸጊቡ ናብ ስራሑ ዝወፍር ሰራሕተኛ ግዱ ዘፍርሕ ምኽንያት ክህልዎ ትጸቢት ኣይትገብረሉን ኢኻ፡፡

ብሉጽ ህይወት ንኽተሕልፍ፡ ኣብ ገዛዙብ ወይ ዕድል ኣይኮንካን ክትምርኮስ ዘለካ፡፡ ብልዑል ፍጥነትን ሓይልን ንፍርሕኻ ምስዓር ይኣኽለካ እዩ፡፡

ፍርሒ ልክዕ ከም ሓዊ፡ ምሉእ ብምሉእ ክትርሕቆ ዘለካ ኣይኮነን፡፡ እንታይ ደኣ፡ ኣብ ግብራዊ ህይወትካ ከም ኑዱዲ ክትጥቀመሉ እዩ ዝግበኣካ፡፡

ኣብ ስራሕካ ንግዜኻ ብግቡእ ተማሓደሮ እንተ ኾንካ፡ እቲ ዝበረኸ ፍርሒ ቀስ ብቐስ ይዝልቀልካ እዩ፡፡ ንግዜኻ ብቐሳ ማላ ንሽንቱ ተጠቒምካ እንተ ኾንካ ግዱ ፍርሕኻ ተመሊሱ ንዓኻ ከማሓድረካ ይኽእል እዩ፡፡

ንዓይ ካብ ዘጋጥመኒ ሰባት፡ እዮም ዝበዝሑ ግዜ ዝሓጽሮም እዮም፡፡ ግዜ ንኹልና ብማዕረ እዩ ተዋሂቡና፡፡ እዮም ንግዜኦም ብግቡእ ዘማሓድሩ ሰባት ሕጽረት ግዜ ከጋጥሞም ኣይትዕዘቡን ኢኻ፡፡ እዮም ንግዜና ብግቡእ ዘይነማሕድር ግዱ ዳርጋ ቀጻሊ ኢና ብሕጽረት ግዜ እንሓርበ፡፡

ብሰሪ ሕጽረት ግዜ ኣብ ስራሕካ ትርበሽ እንተ ደኣ ኾንካ፡ ኣብ ውልቃዊ ህይወትካ ክትርበሽ ዘሎ ተኽእሎ ምሕር ብዙሕ እዩ፡፡ ሽዑ ፍርሕኻ ኣብ ጥርዙ ይበጽሕ እሞ፡ ርእሰ ተኣማንነትካ ባይታ ክዘብጥ ይጀምር፡፡



ክንዲ ዝኾኑ፡ ንጠንቂ ዘየድሊ ፍርሒ ብግቡእ ምምሕዛብ ኣገዳሲ እዩ፡፡ ሓደ ካብ ጠንቂ ፍርሕኻ፡ ንግዜኻ ብግቡእ ዘይምጥቃም ምኻኑ እንተ ተገዚብዮ ወይ ኣለሊኻዮ፡ ንምፍታሑ ቀሊል ክኾነልካ ይኽእል እዩ፡፡ እወ ንግዜኻ ብኸመይ ብግቡእ ከተማሓድሮ ከም ዘለካ ኢኻ ምስ ገዛእ ርእሰኻ እሂን ምሂን ክትበሃሃል ዘለካ፡፡

ቀድሚ ብዙሕ ምሕደራ ግዜ ምፍልሳፍና፡ ንስራሕና ብግቡእ ክንፈልጥ ይግባእ፡፡ እቲ ንስርሑ ብግቡእ ዘይፈልጥ ሰብ፡ ስርሑ ንምዕማም ክንደይ ግዜ ከም ዘድልዮ ኣብ ምውሳን ምሕር ክጽገም ይኽእል እዩ፡፡

ንዕዉታት ሰባት ኣብ ስርሖም ብዙሕ ምድርራብ ኣየጨንቖምን እዩ፡፡ እቲ ምንታይሲ፡ ንሳቶም ቀዳምነታት ኣብ ምስራዕ እምብዛ ውሓለታት እዮም፡፡

ዝኾነ ሰብ ኣብ ስራሕካ ጃናይ ቀዳምነት ክትሰርዕ ከም ዘለካ ክሕብረካ ዝኽእል የለን፡፡ ከመይሲ፡ ንስራሕካ ካብ ማንም ሰብ ንላዕሊ ንስኻ ኢኻ ክትፈልጦ ዘለካ፡፡ ናይ ሓደ ሰራሕተኛ ቀዳምነታት ካብ ናይ ካልእ ሰራሕተኛ ቀዳምነታት ምሕር ዝተፈልየ ክኾውን ይኽእል እዩ፡፡

ገለ ሰራሕተኛ ወጋሕታ ተንሲኡ በቲ ከበድ ዝበሃል ስራሕ ጀሚሩ ናብ እቲ ቀሊል ዝበሃል ስራሕ ዝሰግር ኣሎ፡፡ ብመንጽሩ ካልእ ሰራሕተኛ፡ ንግሆ በቲ ቀሊል ዝበሎ ስራሕ ጀሚሩ፡ በቲ ከበድ ስራሕ ዝበሃል ዝዛዝም መሊኡ እዩ፡፡

ከበድ ስራሕ ዝበሃልከ ኣሎ ድዩ፡ እቲ ብሓደ ሰራሕተኛ ቀሊል ዝበሃል፡ ብኻልእ ሰራሕተኛ ከበድ ክበሃል ይኽኣል እዩ፡፡ ክንዲ ዝኾኑ፡ ቀዳምነታት ስራሕና ኣብ ምስራዕ ንነፍሲ ወከፍና ዝምልከት ምኻኑ ኩዩ ክንእሕቶ ኣይግባእን፡፡

ንዓኻ ዝያዳ ዘገድሰካ ዓወት እንተ ደኣ ኾይኑ፡ ዝጠዘለ ግዜኻ ኑዩም ከዐውቱኻ ዝኽእሉ ነገራት ኣብ ምስራሕ ኢኻ ከተሕልፎ ዘለካ፡፡ ግደ ሓቂ፡ ንዓኻ ዓወት እንታይ ማለት ከም ዝኾነ ንሽኻ ጥራይ ኢኻ እትፈልጦ፡፡ ንዓኻ ዓወት ማለት ገዛዙብ፡ ስድራ ቤት፡ ሓገስ፡ መንፈሳውነት፡ ኣካላዊ ወይ ስምዒታዊ ጸቡቕ ህላወ ክኾውን ይኽእል እዩ፡፡ ኩሉም ክኾኑ እውን ይኽእሉ እዮም፡፡

ገለ ሰባት ሚዛን ዘለዎ ዓወት ጥራይ እዮም ዝምረጹ፡፡ ካልኦት ግዱ ኣብ ኩሉ መዳይ ምልኣት (abundance) ዘለዎ ዓወት ዝምረጹ ኣለዉ፡፡ ንሓደ መዳይ ዓወት ክትብል፡ ንኻልእ መዳይ ዓወት መሰዋእቲ ወይ ግዳይ ክትገብር ቅኑዕ ኣይኮነን፡፡

ዝጠዘሉ ዕዉታት ሰባት ብመንጽር ምልኣት እዮም ዝሓስቡ፡፡ ዘይዕዉታት ሰባት ግዱ ኣብ ገዛእ ርእሶም ደረት ክገብሩ ይሕልኑ፡፡ ንሳቶም፡ "ኣነ ሃብታም እንተ ደኣ ኾይነ ሕጉስ ክኸውን ኣይክእልን እየ፡" ወይ "ኣብ ስርሐይ ጻዕሪ እንተ ደኣ ገይረ፡ ንፉዕ ኣቦ ሰብኣይ ወይ ሃይማኖታዊ ክኸውን ኣይክእልን እየ፡" ዝብል ስክፍታ ክህልዎም ይኽእል እዩ፡፡

*"ናይ ብሓቂ ዓወት ዝበሃል፡ ኑቲ ዘይዕዉት ከይትኸውን ዘለካ ፍርሒ ምውጋድ እዩ፡፡" -* ***ፖውል ሰዌ***

*"ንፍርሕና ምስ ሰዓርናዮ ጥራይ ኢና፡ ናይ ብሓቂ ክንነብር እንጅምር፡፡" -* ***ዶሮቲ ቶምፕሰን***

ይቕጽል

# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ
surafealtesfabruk@gmail.com

## ኪንዮ'ቲ እምባ ሓርጐጽጎጸይ

ረቡዕ 26 ሕዳር 2025
18:35

- ቤት ንባብ ኤርትሮ-ጀርመን



ከምቲ ቅድሚ ሕጂ ዝነበርክዎ ከም ዘይየለኹ ይርድኣኒ ኣምላኺይ። ብኹሉ ነገር ዝወደቕኩ ኲይኑ ተሰሚዑንስ ተስፋ ቈሪጸ። ኣብ ዝርዝር እንተ ኣትየ ግን ከም ሎሚ ዓመት ዝተጓናጸፍኩዎ ነገር ዳርጋ ኣይነበረን። ማለተይ ከምቲ ድልየተይ እናተማሓየሽኩ'የ ዝመጽእ ዘለኹ። እዚ ግን እርእዮ የለኹን። እሞ ከኣ ምስጋና ምዕሪ ክንደይ ኣገድስነት ከም ዘሎዎ እንፈለጥኩ፡ ኣሸንኳይዶ ከምዚ ዓበይቲ ነገራት ዝተጓናጸፍኩዎ፡ ኣብ ከባቢየይ ብዝርእዮ ነገራት ኣመስጊነ ዝረኽቦ ዝነበርኩ ሓይሊ ምስክር እንከሎኒ።

ከምኡ ድዩ ትርጉም ምንባርን መቓረትን ኣይፈልጥን። ዝያዳ ኣብ ራህዋን ጸበባን ክናጠር ከለኹን ክምለስ ከለኹን እነብር ከም ዘለኹ ይርድኣኒ'ዩ። ግን ከኣ ጻዕሪ ይበዝሓኒ'ሎ። "ድሓን ንዝሓሸት ኣልማዝ ትስራሕ ስለ ዘላ'ዩ፡" ኢለ'ኳ ከይደዓዓስ፡ ከም ዕዳኡ ኣቓዲሙ ዝኸፈለ'ሞ፡ ድሕሪኡ ዝውጥጥ ዘይብሉ ሰብ ብዛዕባ ጽበሐይ ርግጸኛ እንተ ዝኸውን ቀ-ሩብ ውሕስነት ምተሰምዓኒ። ሕጂ ጻዕሪ፡ ጽባሕ ጻዕሪ እንተ ኲይኑ'ውን ከም ቀደመይ ከም ዝሃበኒ ክቕበልን ህይወተይ ዝሓሸ ጣዕሚ ክህሉዋ ክሰርሕ ምኽነይ ይርድኣኒ'ዩ። ግን ምንባር ትርጉሙ እዚ ምኳኑ እግረም በቃ፣ ጻዕሪ ...!


ኣብ ፍትሓዊት ዘይኮነት ዓለም፡ ፍትሒ ካብ ፈጣሪ እናተጸበኹን ናቱ ሰላምን ምስትውዓልን ዓጢቐ ሕጂ'ውን ኪንዮ'ቲ እምባ ሓርጐጽጎጸይ ዘሎ ነገር ክበጽሕ ክህንጠየ። ... ሃሃሃ ምህንጣይ ንጻዕሪ!

**ኣየ ኣማኑኤል**

## ካብ ጒዕዞ ምልሶተይ

11 ሓምለ 2018
12 : 09 ድ.ቐ. – ኬሩ

... ኣስመራ ሕቘና ሂብና ክሳብ ኣቑርደት እንሓልፍ ብዙሕ ዝተሰምዓኒ ነገር ኣይነበረን። መገዲ ኬሩ ምስ ሓዝና ግን ካብ ንፋሱ፡ ሽታኡን ትርኢቱን ልማዱ ስኢኑ መሃነቱ ኣጥፊኡ ዝነበረ'ሞ ወልፋ ምስ ረኸበ ፍኒሕኒሕ ዝብል ልማደኛ፡ መትኒታት ኣእምሮይ በተግተግ በሉ። ግዛውቲ ተኸረረት ካብ ስእለ ኣእምሮይ ተሓኺኹ ኣይፈልጥን። ዕድመን ጥዕናን ደኣ ይሃበኒ እምበር በቲ ክዓብየሉ ዝምነዮ ዝነበርኩ ጥበብ ዛንታ ቍልዕነተይ ክሰርሓሉ ሓሊመሉ'የ። ከምኣ ኢሉ ከኣ ጸንሓኒ። ዕዳጋ ሞጎራይብ፡ መሸመቲ ኣስቤዛ ኣሃዱናን መማቕትናን እዩ። ረቡዕ ረቡዕ ክንደይ ግዜ ተማላሊስናዮ ኢና። ዕረፍቲ ክንከይድን ክንምለስን'ውን ነናቱ ዝኸሪ ኣሎዎ። ሎሚ ግን ሕልፍ ዝበለ እቲ ኣብ ታሪኽ መግዛእቲ ጥልያን እንፈልጦ ዝነበርና ቢሻ፡ እዚ ኵሉ ዓመታት ሰንጢቕናዮ እናኸንሓልፍ 'ኣብዚ ኣለኹ፡' ኢሉና ዘይፈልጥ ዝነበረ፡ ማዕዶ እንክለና ጸወዓና። እቲ ኣኽራናት ብማዕዶ ይፈልጦ ነበርኩ፣ 'ቢሻ ኣብኡ'ዩ' ኢለ ግን ኣይግምትን ነይረ። ንፈለማ ግዜ'የ ንቢሻ ተላልየዮ። በቲ ካብቲ ከባቢ ቢሻ ጀሚርካ ክሳብ ሳዋ ዘሎ ኣኽራናት ካብ ቀደመይ ምሱጥ'የ። እንድዒለይ ግዲ፣ ልማደይ በቲ ኣኽራናት፡ ዓቕመይ በቲ ኣኽራናት፡ ሞራለይ በቲ ኣኽራናት፡ ኣኽእሎይ በቲ ኣኽራናት፡ ተስፋይ በቲ ኣኽራናይ፡ ... እዕቅና ኲይነስ



እሕበነሉ'የ።

"ኣንታ እዚ ኵሉ ኣኽራናት ናይ መን'ዩ፤" በልኩዎ ነቲ ኣብ ጐድነይ ዝነበረ ሽቃ። ናይ መን ምኳኑዶ ጠፊኡኒ፡ ግና እቲ ዝሰምዓኒ ክገልጸሉ ስለ እተጸገምኩ'የ ብዘይ ልበይ ዝሓተትኩዎ።

"ኣበይ ዲና ዘለና፤" ብምባል ሓተተኒ። 'ኣብ ኤርትራ ካብ ሃለናስ ናትና'ዩ፡' ማለቱ ምኳኑ፡ ኣነ'ውን 'ናትና ምኳኑስ ተስተብህለሉዶ፤' ንማለት ምኳነይሲ ርዱእ ነበረ።

"ከመይ የሐብነኒ'ሎ መስለካ!"

"እዋእ ... ናቕፋ ኬድካዶ ትፈልጥ፤" ሓተተኒ ተገምጢሉ።

"ኣይፋለይን ... ኣፍዓበት ግዳ በጺሐ ነይረ።"

"እሞ ብዓል ናቕፋ እንተ ትበጽሕ ደኣ እንታይ ክትብል ኢኻ፤" በለኒ ግዲ ከይገበረ። እንታይ ምበልኩ፤ ብእኡ'ውን ደስ ምበለንን ምተሓበንኩን እምበር። ክሳዕ ሰንዓፈ ተር ዝበለ ኣኽራናት፡ እምባ ታሪኻ፡ እምባ መጠራ፡ እምባ ሶይራ፡ እምባ ተኺሎ፡ ርእየዮን ተሓቢነሉን'የ። ንኣጻድፍ መንጉዳ፡ ኣኽራናት ሰፍኣን እምባ ጠቓራን፣ ንምብራቓዊ ኣጻድፍ ብሓደ ወገኖም ኣብ ፍልፍልን ምራራን ኲይነ ኣማዕድየዮም'የ፣ ንቆሓይቶ-ሳፊራ ኣቢለ ነቲ ጥንታዊ መስመር፡ መስመር ኢግላ-ዲምሕና-ፎሮ ኣሸኩንዲረሉ'የ፣ ተሓጒሰሉ ድማ።

እግሪ ኬሩ ዘላ ጥውይዋይ ጽርግያ ናይ ኵሉ ሳዕ ናይ ተስፋ መሐበሪተይ'ያ ዝነበረት። ኣብኣ ዘሎ ሽታ፡ ኣብኣ ዘሎ ኣየር፡ ኣብኣ ዘሎ ዛሕሊ፡ ካብኣ ምስ ወጻእካ ዘይርከብ ፍሉይ'ዩ። ኣብታ ክልተ ሚእቲ ሜትሮ ዘይትርሕቕ ኬሩ'ውን ኣይትረኽቦን። ከምዚ ኣብ ገለ ፍሉይ ሰብ እትረኽቦ ሽፈፍ ኢሉካ ዝሓልፍ መቓረት'ዩ በቃ። "ኣየ ኬሩ ከምኣ ኢልኪ ኣለኺ፤ ኣሰር እግርና'ኳ ኣበይ ከይትዘክርዮ ግዳ መጺእናኪ ኣለና። ካብቲ ካብሬቶኺ፡ ርግኦኽን ዝሑል ቢራኽን ኣጥምና፡" በልኩ ንዕረፍቲ ካብታ ሓራት እናወረድኩ። ዝሓሸ መግቢ ክንደሊ ክንዞራ እንክለና፡ ከም ቀደማ ከም ዘይየላ ተረድኣኒ። ነገር ኬሩ ብዙሕ ኣደናቒ ኣይነበሮን። 'ፋታ' እግሪ ኣትኪሉ ምስ ጸንሓኒ ግን ተደኒቐሉ። ...

**ጃምቦ**

## መባእስትኻ ለባም ይገብረልካ!

19 ሚያዝያ 2026
– 06 : 50 ቅ.ቐ. –

መማኽርቲ ከመይ ቀኒኺ! ሎሚ መዓልቲ ኣውደኣመት እዩ። ዳግማይ ትንሳኤ። ሰንበትን ኣውደኣመትን ኲይኑ ቤተክርትያን ክሳለም ዕጥይጥይ እናበልኩ'የ ተሲአ። ጸቕጢ ዝዓበለሎ ኵነታት ስለ ዝሓደረ ከቢድኒ'ዩ ሓዲሩ። መዓልተይ ፍስሃ ዝመልኣ፡ ብርኽቲ መዓልቲ ክትኩነለይ ብልበይ እናጸለኹ ካብ ገዛይ ተበጊሰ ነቲ ነዊሕ መገዲ ፈሊመዮ። ክገረመኪ ደስ ኢሉኒ'የ ዝኸይድ ነይረ። እንታይ ክትብል'ያ ደልያዶ ትብሊ ኣለኺ፤ ዓቕሊ ሳንዳይ መዓረይ።

መገደይ ኣፋሪቐዮ ኣብ መጥወዪ ቦታ ብጽሕ ክብል፡ ሓደ ብሽክለታ ዝተወጠሐ ኣጸቢቐ ዝፈልጦ ሰብ ሕልፍ ኢሉ ደው ምስ በለ፡ ሓቂዶ ክዛረብ! ቅጭ መጺእኒ። ሰላም ስለ ዘይንብህሃል ክሳደይ ሰይረ ሕልፍ ኢለዮ። ንሱ ግን ብመደብ'ዩ መጺኡ። ስመይ ጸዊዑ ከኣ ክመጽእ ዓዲሙኒ። 'እዋይ ኣታ ኣምላኺ፡ ናባኻ እናመጻእኩስ እንታይ ኢኻ ከተሰምዓኒ፤' እናበልኩ፡ ተመሊሰ ሰላምታ ተለዋዊጥና።

"እዛ ናተይን ናትክን ቂምታ ከመይ እያ፤ ንሕና ስራሕ ኣራኺብና፡ ብስራሕ ከኣ ተጐራፊጥና። ሕጂ ግን ክልተና ኣብቲ ስራሕ'ውን የለናን። በዲለኪ እኸውን፡ ንስኺ'ውን በዲልክኒ ትኾኒ፣ ግን ተረጋጊጽካ ምሕላፍን ምቅይያምን ኣየድልየናን እዩ። ኣይትሓዝለይ በቃ ይኣኽሎ እቲ ጒዳይ።" ከየዕረፈ'ዩ ተዛሪቡ። እዝን እትን ከይበልኩ ጒዳይ ባዕሉ ከፊቱ ባዕሉ ዓጽዩዎ። ተገሪመ። ካብ "ሓቅኺ፡" ወጻኢ ቃል ኣይመሎቕኩን። ድሕሪኡ ኵነታት ስራሐይን ጥዕናይ ሓቲቱ፡ "ርሑስ ኣውደኣመት!" ኢሉኒ ሳይክሉ ተሰቒሉ ተዓዚረ። ኣነ እሞ ተዓዚመ፡ "ኣሜን ርሑስ ኣውደኣመት ምስ ስድራኻ!" ኢለ ክምልስ ጥራይ እዝክር። እታ ዝተረፈትኒ መገዲ ምስ ነብሰይ እናተዛረብኩ እየ ከይደ።

እዋይ ሰብ ክስዕረካ ከሎ! ይቕረ ምባል ተባዓት ጥራይ እዮም ዝኽእሉዎ። ልዕሊ ሽውዓተ ዓመት ዝገበረ ናይ ጽልኢ ማሕዩር ብትብዓቱ ሰይሩዎ። ኣነስ ከምዚ ምኽኣልክዎዶ፤ መማኽረተይ ሓቂ ምዝራብ ኣይምሓሰብኩዋን መስለኒ። ዝበዝሐ ሰብ ይቕረ ኣብ ምባል ንፉዕ ኣይኮነን። ዋላ በዳሊ ከሎ ሕድገት ኣብ ምግባር ይኾን ይቕረ ኣብ ምባል ኣነንት ይገዝኦ እዩ። መባእስትኻ ለባም ይግበረልካ ክብሉስ ሓቆም እዮም። ንኽንደይ ዓመታት እንክርእዮ መገዲ ክቕይር፡ ገጸይ ክጽውግ ዘሳሰኹዎም ናይ ጽልኢ ስምዒታት ድምስስ ኣቢልለይ ድሓን ይእቶ። ሳንዳይ መዓረይ ሎሚ እዛ ደስ ትብል ኣውደኣመት መሊሳ ደሚቓ ኣላ። ጸላኢና ምስ ቂምታ ይቈረን። በሊ ደሓን ወዓሊ! ርሑስ ኣውደኣመት!

Mlat.f

## ዕሙር ጽምዋ

12 ታሕሳስ 2022 - ኣስመራ

ቅድሚ ገለ እዋናት፡ ጽምዋ ዝረብሖ ሽሕ ጽምዋ'ዩ ዝሰምዓኒ ነይሩ፣ ጽምዋ ብጽምዋኡ ዓቕሊኻ ዘጽብብን ምፍጣርካ ዘጽልእን ጽም ጽም ዝብል ጽምዋ። ልበይ ባዶነት ተሰሚዑዋ ጫጭ ኢላ ትበኪ እሞ፡ ኣባዲ ዘይብላ እህህ ክትብል ትውዕል፣ እዚ ግን ነይራ እዩ። ኡፍፍፍ! ተመስገንካ ፈጣሪ እንቋዕ ነበረያ ነበረ ኲነለይ። እንተ ሎሚ ሓ ጐ ስ ይ መ ሊ ኡ ፈሲሱ'ዩ።



ን ዝ ሰ ም ያ ዘሰደምም፡ ሃዋ ሃዋ ዝመልሰ፡ ዕሙር ጽምዋ'ዩ ዘሎ። እናሻዕ ብሓጐስ እድሰት። በይነይ ኣብ ዘለኹሉ፡ ፍሽኽታይ ወትሩ'ዩ ድሙቕ፣ ደስታ ልቢ ዝመልሰ። ዓለመይ ስእልካ እናርኣኹ፡ ናይ ሞባይል መልእኽትኻ እናንበብኩ ዝኽርታተይ ኣሕድስ። ሳላ'ቲ ፍቕሪ ዝኽእል ልሳንካን ተግባርካን። ምኽንያት ሓጐሰይ ንስኻ ምኳንካ፡ ኣብዚ በይነይ ዘለኹሉ ዕሙር ጽምዋ፡ ብብርዕይ ገይረ ክገልጸልካ እፈቱ። ሓጸርትን ምቁራትን ተዘከርትን ናይ ፍቕሪ ጒዕዞና፡ ልዕሊ ማንም ግዜ ኣብ ህይወተይ ዘይፈልጦ ሓይሊ ሂበናኒ ኣለዋ።

ዓለመይ፡ እዚ ኵሉ ግዜያት ልብና ዓቐነን ስኢነን ክሓማ ከለዋስ፡ ኣብ ጥቓይ እናሃለኻ - ኣብ ጥቓኻ እናሃለኹ፡ ፈውስና ከነናዲ እምባን ኵርባን ንሳገር። ዘይንዕወት ከኣ፣ መመሊስና ብፍቕሪ ንሓምም። ከምቲ ዝበልካዮ ከኣ'ባ ኣልማዝ ገዲፍና ብሩር ነናዲ። ህያበይ ናተይ፡ ንስኻ ኣልማዘይ፡ ብዓባያ ህይወተይ ኢኻ። ንዓሰርተ ዓመታት ሕውነትዶ ምሕዝነት ክንብል ካብ ልብታትና ኲብሊልና፡ ሓጒስና መቓቒልናዮ ኢና። እንተ ሕጂ ግን ከምቲ ዝበልኩዎ ሩፍታ፡ ሰላም፡ ሓጒስ፡ ብዓቢኡ ከኣ እምነትን ፍቕርን ኣብ ዝባነይ ኣለዉ። ተስፋ እገብር፡ እዚ ዘሎኒ ስምዒት ንኣኻ'ውን ክህሉወካ።

ዓለመይ፡ ዋላ ሓጺር ግዜ ንግበር፡ ንዝመጽእኒ መሰናኽል ብእምነት እናሰገርኩ፡ ኣብ መትከለይ ኣለኹ። እዚ ዝዘናጋዓሉ ዘለኹ ዕሙር ጽምዋ፡ ከም ኣማራጺ እምበር፡ ንስኻን ፍቕርኻን ዘይብሉ ህይወት ፈጺሙ ክድገመኒ'ኳ ኣይደልን። ንስኻስ ኣብዛ ጒድነይ ደኣ ህያበይ!

**ፌሩዝ እስቲፍ**
ሜካ -74 ጒጅለ ባህሊ ኣሉሊ

# ስፖርት

ኣብርሃም ዮውሃንስ (ወዲ ዕቋር)

## ከረን፡ ብምኽንያት 20 ሰነ ቅድድም ብሽክለታ ይካየድ



ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ከተማ ከረን፡ ብምኽንያት መዓልቲ ሰማእታት ንኽልተ ሰናብቲ ዝቐጽል ቅድድም ብሽክለታ፡ ብሰንበት 14 ሰነ ፈሊሙ።

ፈለማ እተን ኣብ ሰዓት 31.4 ከሎ ሜትር እናተጉዓዛ 20 ከሎ ሜትር ዝሸፈና ደቂ-ኣንስትዮ'የን ውድድረን ኣካይደን። ደሊና ዳዊት ካብ ጋንታ ሻሉቱ ድማ፡ ንመወዳደርታ ዘርያ ብምድራብ ዕውትቲ ኰይና። 20 ከሎ ሜትር ዝሸፈኑ ተቐዳደምቲ ማውንቴ ባይክ ምድብ ሰለስተ ኣብ ዘካየድዎ ጸወታ ኸኣ፡ ፍናን ዘርኣይን ኣሕመድ ያሲንን ካብ ጉዞጥኑዩ የናስ ጠዓመ ካብ ዓዲ-ተኽለዛን ቀዳሞት ሰለስተ ዕወታት ኰይኖም። 79.8 ከሎ ሜትር ዝሸፈኑ ምድብ ክልተ ተቐዳደምቲ ማውንቴን ባይክ፡ ሰዒቦም ውድድሮም ኣካይዶም። እዞም ተቐዳደምቲ ኣብ ሰዓት 37.7 ከሎ ሜትር እናተሓንበቡ ውድድሮም ኣሰላሲሎም። ጸወታ ክዛዘም ሸሞንተ ከሎ ሜትር ምስ ተረፎ ግን፡ ክልተ ተወዳደርቲ እናተበራረዩ ንመቐዳደምቶም ዘርያ ደሪቦምሎም። ኣብ መወዳእታ ሓሰን ዓብደልሓሚድ ካብ መጉዓዝያ ቀዳሙ ሕንጻጽ ብምርጋጽ ክዕወት እንከሎ፡ ወዲ ጋንታኡ ያሰም መሓመድዑመር ካልኣይ ኣትዩ። 100.8 ከሎ ሜትር ኣብ ዝሸፈኑ ተቐዳደምቲ ምድብ ሓደ፡ ኣማን ነጋሽ ንኸሎም ተቐዳደምቲ ዘርያ ብምድራብ ዕዉት ኰይኑ።

ኑቲ 109.2 ከሎ ሜትር ዝሓዘ ማስመር ውድድር፡ ኣብ ሰዓት 40 ከሎ ሜትር እናሸፈኑ ሓያል መጥቃዕቲ ዝሰበሮ ርሱን ውድድር ዘካየዱ ተቐዳደምቲ 'ዳ ኮርሶ' ድማ፡ የናታን እድሪስ ካብ ጋንታ ሬድ ሲ፡ ናትናኤል ኪዳን ካብ ጋንታ ሻሉቱ፡ ኤቨን ታደሰ ካብ ጋንታ መጉዓዝያ ቀዳሞት ሰለስተ ዕወታት ብምዃን ውድድሮም ዛዚሞም።

ኣብዚ ውድድር፡ ኣርባዕተ ጋንታታት ካብ ንኡስ ዞባ ከረን፡ ሓሓንቲ ካብ ን/ዞባ ሓጋዝ፡ ዒላበርዕድ፡ ዓዲ-ተኽለዛን ዝመጽኣ ሸውዓተ ጋንታታት፡ ኣብ ኣርባዕተ ምድብ ተኸፋፊለን ኣብ ምስታፍ ይርከባ። እዚ ብምኽንያት መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ ዝተሰርዐ ውድድር፡ ሰንበት 21 ሰነ ብዝካየድ ቅድድም ክዛዘም'ዩ።

## ማእከል፡ ውድድር ባድሚንቶን ተዛዚሙ



ብምኽንያት በዓል ናጽነት ካብ 16 ግንቦት ኣትሒዙ ብፌደረሽን ባድሚንቶን ዞባ ማእከል ክካየድ ዝጸንሐ ውድድር ባድሚንቶን፡ ሰንበት 14 ሰነ ብዝተኻየደ ግጥማት መጋረጃኡ ዓጺዩ።

እዚ ንክቡ. ሓደ ወርሒ ዝተኻየደ ጸወታ፡ ተጻወትቲ ኣብ ሰለስተ ክሊ. ዕድመ ተኸፋፊሎም ውድድራቶም ኣሰላሲሎም። ኣብቲ ናይ መዛዘሚ ዕለት ድማ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ክሊ. ዕድመ ናብ ፍጻመ ዝበጽሑ ተጻወትቲ ውድድሮም ኣካይዶም።

ኣብ ናይ ትሕቲ 19 ዓመት ደቂ-ኣንስትዮ፡ ሓያት ኢብራሂም፡ ንኢሊና ከሰተ ብምስዓር ዕውትቲ ኰይና። ኣብ መንን ኢያቤድ መድሃኔን ኤልሻዳይ ሙሴን ምስ ዓብደልቃድር ዓብደልኪያርን ሙሳኤል ብርሃን ዝተኻየደ መሳጢ. ጸወታ፡ ብዓወት ዓብደልቃድር ዓብደልኪያርን ሙሳኤል ብርሃን ተዛዚሙ።

ናይ ልዕሊ. 19 ዓመት ተወዳደርቲ ፋኑኤል ኣርዓዶምን ዳናይት ብንያምን ኣንጻር ቅዱስ የናስን ሄርሜላ ብርሃን ሰዒቦም ውድድሮም ኣካይዶም። ኣብዚ ንተዓዘብቲ ዝማሰጠን ሓያል ምትህልላኽ ዝተርኣዮን ውድድር፡ ቅዱስ የናስን ሄርሜላ ብርሃን ብምስዓር ዕውታት ኰይኖም።

ኣብዚ ብምኽንያት በዓል ናጽነት ክካየድ ዝቖየ ውድድር፡ ኑብዩ የናስ ኣብ ናይ ትሕቲ 15 ዓመት፡ ራንያ ጉብረትንሳኤ ኣብ ናይ ትሕቲ 19 ዓመት፡ ጸቡቕ ብቕዓት ዘንጸባረቑ ተባሂሎም ብፍሉይ ክሸለሙ እንከለው፡ ኣብ ናይ ልዕሊ. 19 ዓመት ከኣ ደጀን ተስፋገርግሽ ብዚሓ. ውድድርን ዓወትን ዘካየደ ተባሂሉ ንሽልማት በቒዑ።

ኣብዚ ንክቡ. ሓደ ወርሒ ዝተኻየደ ውድድር፡ ብድምር 76 ተወዳደርቲ ክሳተፉ እንከለው፡ 217 ግጥማት ድማ ኣሰላሲሎም።

## ቻሎባ፡ ንሊቨራሜንቶ ተኪእዎ

ናይ ማእከል ተኸላኻላይ ኒውካስል ቲኖ ሊቨራሜንቶ ብዘጋጠሞ መጉዳእቲ ካብታ ኣብ ዋንጫ ዓለም እትሳተፍ ዘላ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ተኣልዩ። ብናይ ቸልሲ. ተኸላኻላይ ትሬቮ ቻሎባ ድማ ተተኪኡ።

ወዲ 23 ዓመት ሊቨራሜንቶ፡ ኣብ ናይ ሰንበት ልምምድ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ'ዩ መጉዳእቲ ኣጋጢምዎ። ካብ ሕዳር 2024 ኣትሒዙ ኣብዛ ሃገራዊት ጋንታ ዝተሳተፈ. ሊቨራሜንቶ፡ ብዙሓል ኣብ 5 ግጥማት ተመሪጹ ጸኒሑ። እዚ ተጻዋታይ፡ ኣብ ዓመት 2025-26 ብዘጋጠሞ መጉዳእቲ ኣብ ዳሕረዎት ሓሙሽተ ሰሙናት ኣብ ሜዳ ኣይተራእየን። ይኹን እምበር፡ ኣብ ዋንጫ ዓለም ክሳተፍ ብምሕራዩ ናብ ኣመሪካ ኣቐኒዑ ጸኒሑ። በዚ ሰንበት ዘጋጠሞ ሓድሽ መጉዳእቲ ግን፡ ካብዚ ውድድር ተሰናቢቱ ይርከብ። ቻሎባ ድማ ነዚ ተጻዋታይ ተኪኡ ኣብ ዋንጫ ዓለም ክሳተፍ ጸውዒት ቀሪብሉ።




ቻሎባ፡ ኣብ ሰነ 2025 እንግሊዝ ምስ ሰኔጋል ኣብ ዘካየደቶ ናይ ምሕዝነት ጸወታ፡ ን90 ደቒቕ ድሕሪ ምስላፉ፡ ማልያ እንግሊዝ ለቢሱ ኣይተርኣየን። ይኹን እምበር፡ ኣብ መጻረዪ ግጥማት ዋንጫ ዓለም ኣብ መንበር ተቐያርቲ ይረአ ነይሩ'ዩ። ኣካላዊ ብቕዓት ተኸላኸልቱ ኣብ ግምት ዘእተወ ቱኸል ከኣ፡ ቅድሚ ናይ መኽፈቲ ጸወታ ምኽያዱ፡ ንቻሎባ ክጽውዖ ተገዲዱ ይርከብ።

ብመሰረት ሕጊ ፊፋ፡ ሓንቲ ጋንታ መጉዳእቲ ወይ ከቢድ ሕማም ተጻዋታይ ምስ ዘጋጥማ፡ መኽፈቲ ጸወታ ቅድሚ ምኽያዳ ኣብ ዘሎ 24 ሰዓታት መተካእታኡ ክተምጽእ ይፍቀዳ'ዩ።

## ብምኽንያት መዓልቲ ሰማእታት ዝተኻየደ ውድድር ቸዝ ተዛዚሙ

ፌደረሽን ቸዝ ዞባ ማእከል፡ ብምኽንያት መዓልቲ ሰማእታት ንሰለስተ መዓልታት ኣብ ኒያላ ሆቴል ዘካየዶ ውድድር ቸዝ ተዛዚሙ።

እዚ "ማስዋእቲ ዋጋ ሓርነት'ዩ" ብዝብል ቴማ ዝተሰላሰለ ውድድራት፡ ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ደቪዥዮን ዘለዉ 33 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብዎም 128 ተወዳደርቲ ተሳቲፎም።

ኣብ ምድብ ሓደ ዝርከብ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ዘካየድኦ ውድድር፡ ኤልሻሎም ኢሳይያስ ቀዳመይቲ ክትወጽእ እንከላ፡ ሚለን ተስፋሚካኤል፡ ብስራት መንግስትኣብ፡ ኣዝሄል ሳሙኤል፡ ማክዳ ኣርኣያ ሰዒበንኣ። ኣብ ተመሳሳሊ. ምድብ ዝርከቡ ደቂ-ተባዕትዮ ኣብ ዘካየድዎ ግጥም ድማ፡ ዳኒኤል ደብሳይ፡ ኣሕመድ ጎፉር፡ ያፌት ኣስመሮም፡ ኣሌክሳንደር ጉብረኪዳን፡ ካብራል ተስፉ ካብ ቀዳማይ ክሳዕ ሓምሻይ ዘሎ ደረጃ ሒዞም። ኣብ ምድብ 2 ውድድረን ዘካየዳ ደቂ-ኣንስትዮ ተወዳደርቲ ከኣ፡ ደሊና ተኽለ፡ ሉሚንታ ነጋሲ፡ ሰሰን ቴድሮስ ቀዳሞት ሰለስተ ዕውታት ኰይነን። ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ሮቤል የናስ ንመወዳደርቱ ሰዒሩ ቀዳማይ ክወጽእ እንከሎ፡ ሲሞን ተማስገንን ኣብርሃም በየነን ሰዒቦሞ።

ተወዳደርቲ ኣብቲ ሰንበት 14 ሰነ ዝተኻየደ ናይ መዛዘሚ ስነ-ስርዓት፡ ሽልማታቶም ካብ ኢድ ዝተፈላለዩ ሓለፍቲ ተቐቢሎም።

## ራሽፎርድ፡ ብዘይካ ናብ ሊቨርፑልን ማንቸስተር ሲቲን ናብ ካልእ ...

ማርከስ ራሽፎርድን ማንቸስተር ዩናይትድን ብቐዋምነት ኣብ ክረምት ክፈላለዩ ትጽቢት ይግበረሎም። ባርሴሎና፡ 40 ሚልዮን ፓውንድ መፋቶ ክፈላ ንራሽፎርድ ክትውንኖ ዝኣዘዘ ስምምዕ ሰሪዩ ብምብቅዑ፡ ዕዳጋኡ ክፉት ኰይኑ ይርከብ። ናበይ ዝብል ግን፡ ገና ዘይተመለሰ ሕቶ ኰይኑ'ሎ።



'ዘ ኣትሌቲክ' ኣብ ዘርገሐቶ ሓበሬታ፡ ዋላ'ኳ ምስ ማንቸስተር ዩናይትድ ዘለዎ ውዕል ክልተ ዓመት ተሪፉዎ እንተሎ፡ ብዘይካ ናብ ክልተ ክለባት ናብ ዝመረጾ ወይ ዝመረጾቶ ክለብ ክኸይድ ኣፍቂዶሞሉ ትርከብ። ብርክት ዝበሉ ክለባት ዓይኒ ኣውዲቐናሉ ከም ዘለዋ ዝነገረሉ ራሽፎርድ፡ ብዘይካ ናብ ሊቨርፑልን ማንቸስተር ሲቲን ናብ ዝኾነት ክለብ ክኸይድ ይኽእል'ዩ።

ራሽፎርድ፡ ዝሓለፈ. ዓመት ማልያ ባርሴሎና ለቢሱ 49 ግጥማት ብምኽያዱ፡ 14 ሸቶታት ኣመዝጊቡን 14 ቀረብ ንሸቶ ገይሩን። ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ እውን ኣብ ትሸዓተ ሸቶታት እጃሙ ብምሕዋስ ብቕዓቱ ኣመስኪሩ'ዩ። ባርሴሎና፡ ኣብ ክንዲ ራሽፎርድ ንኣንቶኛ ጉርደን ብምምራጽ፡ ምስኣ ክትጸንበሮ ወሲና። ብዘይ ኣማራጺ. ዝተረፈ. ራሽፎርድ ድማ ናብ ኦልድ ትራፎርድ ተመሊሱ ይርከብ።

እዚ ወዲ 28 ዓመት እንግሊዛዊ፡ ኣብዚ ግዜ ምስ ሃገሩ ኣብ ዋንጫ ዓለም ኣብ ምጽዋት'ዩ ዘሎ። ናበይ ከም ዝብል ከኣ ድሕሪ ዋንጫ ዓለም ክፍለጥ'ዩ።

## ኮርናዕ ስእሊ

ኣሌክሳንደር ኢሳቕ፡ ኣብቲ ሓንቲ ሸቶ ዘመዝገበሉን ክልተ ቀረብ ንሸቶ ዝገበረሉን ቀዳማይ ጸወታ ሃገራዊት ጋንታ ሸወደን ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026፡ ጥንዴራ ኤርትራ ዘለዎ ጫማ ወደዩ ግጥሙ ኣካይዱ።



## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

ኣውስትርያ - ዮርዳኖስ 7:00 ቅ.ቐ
ፖርቱጋል - ዲ/ሪ ኮንጎ 8:00 ድ.ቐ
እንግሊዝ - ክሮኤሽያ 11:00 ድ.ቐ

**ሓሙስ**

ጋና - ፓናማ 2:00 ቅ.ቐ
ኡዝበኪስታን - ኮሎምብያ 5:00 ቅ.ቐ
ቸክ - ደቡብ ኣፍሪቃ 7:00 ድ.ቐ
ስዊዘርላንድ - ቦዝንያ ሄርዞጎቪንያ 10:00 ድ.ቐ

## ዜና ብሓጺሩ

• ሳሞቲ፡ ካብ ዋንጫ ዓለም 2026 ቀዳማይ ዝተባረረ ኣሰልጣኒ

ቱኒዝያ ኣብ ቀዳማይ ጸወታኣ ዋንጫ ዓለም ድሕሪ ዝወረዳ ስዕረት፡ ንዓለማኣ ሳብሪ ላሞቺ ኣባሪራቶ። ኣብ ምድብ 6 ተደላዲላ ዘላ ቱኒዝያ፡ ብሰንበት ምስ ሸወደን ኣብ ዘካየደቶ ጸወታ 5-ብ1 ተሳዒራ። ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ቱኒዝያ ምስቲ ኣሰልጣኒ ድሕሪ ዝበጽሖ ስምምዕ ድማ፡ ካብ መዝነቱ ኣልዩዎ። በዚ ኸኣ፡ ላሞቺ ኣብ ታሪኽ ዋንጫ ዓለም፡ ድሕሪ ሓደ ግጥም ዝተባረረ ናይ ፈለማ ኣሰልጣኒ ኰይኑ። ናይ ቅድም ኣሰልጣኒ ሞሮኮን ሰዑድያን ዝነበረ ሀርቭ ረናርድ ከኣ፡ ንቱኒዝያ ክመርሓ መዝነት ተቐቢሉ ይርከብ።

• ቮዚንዛ፡ ድሕሪ ግጥም ዝለበ ሓላዊ ልዳት

ሓላዊ ልዳት ኬቨርደ - ቮዚንዛ ቀደም'ቲ ኣንጻር ስጳኛ ዘካየድዎ ጸወታ፡ ብዙሕ ይፍለጥ ኣይነበረን። ድሕሪ እቲ ግጥም ግን ስሙ ንእሉ ሃበበ። ኣብ ናይ 'ኢንስታግራም' ሕሳቡ 5 ሽሕ ጥራሕ ሰዓብቲ ዝነበሩዎ፡ ድሕሪ'ቲ ግጥም፡ ናብ 5.7 ሚልዮን ሰዓብቲ በጺሑ። ግጥም ስጳኛን ኬቨርደን፡ ናይ ሰማይን ምድርን ፍልልይ'ዩ ነይሩዎ። ስጳኛ፡ ኣብ መሳልል ፊፋ ካልኣይ ደረጃ ክትህሉ እንከላ ኬቨርደ ድማ ኣብ 67 ትርከብ። ኣብ ናይ ሰሉይ ግጥም ከኣ እዚ. ፍልልይ ብርኡይ ተንጸባሪቑ። ስጳኛ፡ ንጸወታ 70% ክትዕብልሎ እንከላ 27 ፈተነታት ኣካይዳ። ሸውዓተ እቶዎት ፈተነታት ድማ፡ በዚ ሓላዊ ልዳት መኺነን። በዚ ኸኣ እዚ ኣብ 40 ዓመቱ ናብ ዋንጫ ዓለም ዝመጽአ ኣብ ፖርቱጋል ምስ ናይ ካልኣይ ደቪዥዮን ጋንታ ዝጻወት ሓላዊ ልዳት ኬቨርደ፡ ህቡብነቱ በሪኹ ይርከብ።

# ዜና ዓለም

ሽዊት ተኽለ

## እስራኤል፡ ሰራዊታ ካብ ሊባኖስ ከም ዘይወጽእ ኣፍሊጣ



ሓይልታት ምክልኻል እስራኤል፡ ኣብ ሊባኖስ ብዘይ ዝኾነ ናይ ግዜ ገደብ ህላወኦም ክቕጽል ምዃኑ፡ ሚኒስተር ምክልኻል እስራኤል፡ እስራኤል ካትዝ ሓቢሩ።

ሚኒስተር እስራኤል ካትዝ ነዚ ዝገለጸ፡ ድሕሪ ምእዋጅ ስምምዕ ኣመሪካን ኢራንን ኮይኑ፡ እቲ ስምምዕ ኣብ ሊባኖስ ሓዊሱ ኣብ ኩሉ ግንባራት ዝቕጽል ወተሃደራዊ ስርሒታት ከም ዘብቅዕ ዝገልጽ እዩ።

ካትዝ፡ ኣብ'ቲ ብቋንቋ እብራይስጥ ዘመሓላለፎ መግለጺኡ፡ “ኣብ ልዕሊ እስራኤል ዝጸንሐን ትጸቢት ዝተግበረሉን ጸቕጢ እኳ እንተ ሃለወ፡ ሰራዊት እስራኤል ግን ካብ ሊባኖስ ምውጻእ ይቃወሞ እዩ” ክብል ሓቢሩ።

እቲ ሚኒስተር፡ ኣብ'ቲ ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል በንያሚን ናታንያሁ ብምትሕምማዕ ዘውጽኦ መግለጺ፡ “ሓይልታትና ኣብ ዞባታት ሊባኖስ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ሶርያን ቓዛን ብዘይ ናይ ግዜ ገደብ ክጸንሑ እዮም” ክብል ወሲኹ ኣረዲኡ።

ዶብ እስራኤል ንምሕላው ኩሉ ትሕተ ቅርጺታት ጉብረ ሽበራውያን ክፀኑ ምዃኑ፡ መንግስቲ እስራኤል ድማ ብዝዕብ መርገጺኡ ንመራሕቲ ኣመሪካ ሓቢሩታ ከም ዝዘከ እቲ ሚኒስተር ሓቢሩ።

ንሱ ኣብ መወዳእታ፡ “ኢራን ብሰንኪ'ቲ ኣብ ሊባኖስ ክቕጽል ዝኽእል ወተሃደራዊ ምዕባለታት ንእስራኤል እንተ ደኣ ከተጥቅዕ ፈቲና፡ ብጠለእ ሓይልና ክንዘብጣ ኢና። ኣብ መራሕታየም ዝሎ ባዶሻ ድማ ብጸቒር ክንርእየም ኢና” ክብል ኣጠንቂቑ።

## ኣመሪካ - ናይ ደብዳብ ነፋሪት ተሓምሺሻ

ኣብ ኣመሪካ፡ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ክፍለ ሃገር ካሊፎርንያ ኣብ ዝርከብ መደበር ሓይሊ ኣየር ኤድዋርድስ፡ ሓንቲ ‘ቢ-52’ ዝዓይነታ ናይ ደብዳብ ነፋሪት ድሕሪ ምብራራ ድሕሪ ሒደት ደቓይቕ ወዲቓ ብምሕምሻሻ፡ ኣብኣ ዝነበሩ ሸሞንተ ሰራሕተኛታት ከም ዝሞቱ፡ ሰብ መዚ ሓይሊ ኣየር ናይ'ታ ሃገር ገሊጾም።

እዛ ሸሞንተ ሞተር ዝነበራ ነክለስያዊ ቦምባታት ንምጽዓን ዝተሰርሐትን ነፋሪት፡ ልምምድ ኣብ እተካይደሉ ዝነበረት እዋን ኩሉ ኣብኡ ዝቦዩ ዝነበረ ስርሒታት ንግዚኡ ክውንዘፍ ምዃኑ ተሓቢሩ።

ኣብ 1930ታት ዝተሃንጸ መደበር ሓይሊ ኣየር ኤድዋርድስ፡ ኣስታት 1,245 ትርብዒት ኪሎ ሜትር ካብ በረኻታት ሞሃቭ ከም ዝሸፍን፡ እዚ ድማ እቲ ዝዓበየ መደበር ሓይሊ ኣየር ኣመሪካ ከም ዝኾነ ጸብጻባት የመልክቱ።

እታ ክሳብ 31,750 ኪሎ ግራም ዝምዝን ተተኮስትን ካልእን ክትስከም ዝተሰርሐት - ነዊሕ ርሕቐት እትግዓዝን ትሑት ድምጺ



እቲ ሓደጋ ከም ዘጋጠመ፡ እቶም ሰብ መዚ ኣብ ዝሃብዎ ጋዜጣዊ መግለጺ ሓቢሮም።

ጠንቂ ናይቲ ሓደጋ ከም ዘይተፈለጠን ኣብ ምጽራይ ከም ዘሎን ዝሓበሩ ጸብጻባት ናይቲ መደበር ሓይሊ ኣየር፡ ማእከል ምንጋር መርድእ ንቤተ ሰብ ግዳያት ብሕጂ ክቕጽል ብምዃኑ፡ እቶም ግዳያት ስሞም ንግዚኡ ከም ዘይግለጽ ኣረዲኦም።

ብሰንኪ ኣብ'ቲ መደበር ዝወረደ ጉድኣት፡ ዘለዋን ነፋሪት፡ ንነዊሕ እዋን ከም ዓንዲ ሕቖ ናይ'ቲ ቦምባታት ኣብ ምድርባይ ዝጥፍ ኣሃዱ ሓይሊ ኣየር ኣመሪካ ኮይና ከም ዘገልገለት ይሕበር።

ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ክፍለ ሃገር ሚዙሪ እውን ኣብ ዝሓለፈ መዓልታት ብዘጋጠመ ሓደጋ ምሕምሻሽ ነፋሪት፡ 12 ሰባት ከም ዝሞቱ ይዝከር።

## ጃፓን፡ ሰራዊታ ናብ መጻብቦ ሆርሙዝ ንምልኣኽ ከም ዘይወሰነት ኣፍሊጣ

ጃፓን ኣብ'ቲ ንስምምዕ ሰላም ኣመሪካን ኢራንን ሰዒቡ ኣብ መጻብቦ ሆርሙዝ ውሑስነት ምንቅስቓስ ንግዳውያን መራኽብ ንምርግጋጽ ዝግበር ጻዕሪ ክትጽንበር ምዃናን ዘይምዃናን ክሳብ ሕጂ ከም ዘይወሰነት፡ ትማሊ ሰሉስ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ኣፍሊጣ።

መግለጺ ክታማ ድሕሪ ምንባራ እዩ።

እቲ መግለጺ ወሲኹ፡ እቲ ንጥፈታት ብመሰረት ቅዋማዊ ጠለባት ከም ዝፍጸም ኣመልኪቱ።

ይኹንምበር፡ ቅዋም ጃፓን ንኣጠቓቕማ ሓይሊ ኣብ ርእሲ ምክልኻል ብጥብቂ ዝደርት ብምዃኑ፡ ምህላው'ዩ ዝንገር።

ሚኒስተር ምክልኻል ጃፓን ሺንጂሮ ኮይዙሚ ትማሊ ሰሉስ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ “ኣብዚ እዋንዚ፡ ንምልኣኽ ኣሃዱታት ምክልኻል ናብቲ መጻብቦ ብዝምልከት ዝኾነ ውሳነ ኣይተዋህበን ዘሎ” ኢሉ።

ንሱ ወሲኹ፡ “ምስ መሓዙና ኣመሪካን ካልኦት ዝምልከተን ሃገራትን ብቐረባ ክንመኻኸርን ነቲ ኩነታት ብጥንቃቐ ክንመዝኖን ወሲንና ኣለና” ክብል ኣብሪሁ።



ጃፓን ነዚ መግለጺ ትህብ ዘሎ፡ ሃገራት ኤውሮጳ ኣብ'ቲ መጻብቦ ውሕስነት ንግዳውያን መራኽብ ንምርግጋጽን ስርሒታት ምጽራይ ነተጉቲ ንምክያድን ከምኡ ከኣ ምክልኻላውን ናጻን ተልእኾ ንምፍጻም ድሉዋት ምዃነን ኣመልኪተን ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ዘውጽኣኦ ሓባራዊ መግለጺ ክታማ ድሕሪ ምንባራ እዩ።

እታ ሃገር ኣብ'ቲ ኣቓዲማ ዝኸተመትሉ ተልእኾ ክትሳተፍ ድያ ኣይክትሳተፍን ኣይተፈለጠን ዘሎ።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ጃፓን እትርከበን መሓዙት ሃገራት፡ ነቲ መጻብቦ ኣብ ምኽፋት ዝሕግዛ መራኽብ ውግእ ናብ'ቲ ዞባ ክልእኻ ጸቕጢ ይገብር ምህላው'ዩ ዝንገር።

ኣብ ዝሓለፈ ሚያዝያ፡ ሳልሰዎት ኣባላት ናይቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ‘ሊበራል ዲሞክራስያዊ ሰልፊ’፡ ድሕሪ ምቁራጽ ውግእ ኣመሪካን ኢራንን፡ ጃፓን ኣብ መጻብቦ ሆርሙዝ ዝኾነ ይኹን ዕንቅፋታት ንምእላይ፡ ኣማስነቲ ነተጉትን ካልኦት መራኽብን ንኽተዋፍር ሓሳብ ኣቕሪቦም ምንባሮም፡ ናይ ሽው ጸብጻባት የመልክቱ።

ሰራዊት ጃፓን፡ ኣብ ኩናት ወሽመጥ ዓረብ ድሕሪ ዝተበጽሐ ምቁራጽ ተኹሲ፡ ኣብ 1991 ኣብ ስርሒታት ምምኻን ነተጉቲ ተሳቲፉ ምንባሩ ይንገር።

## ደ.ሪ.ኮንጎ - ቑጽሪ ግዳያት ሕማም ኢቦላ ይውስኽ

ኣብ ደሞክራስያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ፡ ቑጽሪ ግዳያት ሕማም ኢቦላ ልዕሊ 180 ከም ዝበጽሐ ተሓቢሩ።

መንግስቲ ናይ'ታ ሃገር ኣብ ዘውጽኦ ናይ መወዳእታ ጸብጻብ፡ ኣብ ዝሓለፈ መዓልታት ሓደሽ መልከፍቲ ብዝበዝሐ ከም እተመዝገበ፡ ልዕሊ 32 ድማ ከም ዝሞቱን ኣረዲኡ።

በዚ ድማ፡ ጠቕላላ ዝተረጋገጸ ቑጽሪ መልከፍቲ ናብ ልዕሊ 782፡ ቑጽሪ ምውታት ድማ 181 በጺሑ ኣሎ።

እዚ እናወሰኸ ዝኸይድ ዘሎ ቁጽሪ ዞባዊ ግጮት፡ ምህዳም ሕሙማትን ወሰን ምክትታል ርክባትን ንጻዕርታት ምቁጽጻር ዝርግሐ ናይ'ቲ ቫይረስ ኣብ ዘናኽሞሉ ዘሎ እዋን'ዩ ዝርአ ዘሎ።

እቲ ‘ቡንዲብጆ’ ብዝበሃል ስም ዝፍለጥ ቫይረስ፡ ክሳብ ሕጂ 22.8 ሚእታዊት ሞት ኣስዒቡ ከም ዘሎን 40 ሕሙማት ግን ዝሓወዩ ምህላዎም፡ ሰበ ስልጣን ናይ'ታ ሃገር ገሊጾም።



## ታይላንድ፡ ዶባዊ ምስሕሓብ ንምፍታሕ መንገኛታት መዚዛ



ታይላንድ ምስ ካምቦድያ ዝጸንሐ ነዊሕ እዋን ዝቐጸለ ናይ ባሕሪ ምስሕሓብ ብሰላም ንምፍታሕ፡ ንደቡብ ኣፍሪቃን ጀርመንን መንገኛታት ኮይነን ክሰምዓ ከም ዝመዘዘት፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ናይታ ሃገር ትማሊ ሰሉስ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ሓቢሩ።

ታይላንድ፡ ብጉዳይ ወሽመጥ ታይላንድ ምስ ካምቦድያ ንዘለዋ ምስሕሓብ ንምፍታሕ ኣብ 2001 ንዝበጽሓቶ ስምምዕ ሰላም ናይ ምፍጻም በይናዊ ስጉምቲ ድሕሪ ምውሳዱ፡ ካምቦድያ ብመሰረት ውዕል ሕጊ ባሕሪ ሕቡራት ሃገራት፡ ግዴታዊ ማእከሓ ዕርቂ ከም ዝጀመረት ይፍለጥ።

በዚ ድማ፡ ታይላንድ፡ ጀርመናዊ ክኢላ ሕጊ ሩዲገር ዎልፍሩምን ደቡብ ኣፍሪቃዊ ክኢላ ሕጊ ባሕሪ ኣልበርት ሆፍማንን መንገኛታት ክኾኑ ከም ዝመረጸቶም፡ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ናይታ ሃገር ኣፍሊጡ።

መንግስቲ ካምቦድያ ብወገኑ፡ መንግስቲ ታይላንድ ኣብ ማእከሓ ዕርቂ ክሳተፍ ምውሳኑ ብሓጎስ ከም ዝቐበሎ ገሊጹ።

እቶም መንገኛታት፡ ቅድሚ ማእከሓ ዕርቂ ምጅማሮም፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ተራኺቦም ኣቦ መንበር ክመርጹ ምዃኖም'ዩ ዝሕበር።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ጃልያ | 17/06/2026 | ጎደና ሰገነይቲ ቁ.84፡ ፊት ቤት ትምህርቲ ጃልያ | 110680 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565